ፍሉይ ሕታም

# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ.1 ዓርቢ 1 መስከረም 2023 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
መግለጺ ህዝባዊ ግንባር

ገጽ 3

ወልደኣብ ወልደማርያም
ሓርነት፣ ፍረ ዕዮን ስርዓትን

ገጽ 5
ውጹዕ፣ ንሓዋሩ ክዕመጽ ኣይነብርን


ገጽ 6
ካብ ጀዛን ክሳብ ዓረዛን ግዝግዛን


ገጽ 7
ሃገራዊት ጋንታ ኣትለቲክስ ካብ መገሻኣ ተመሊሳ


# ሚ/ትምህርቲ፡ ገምጋም ስራሕ ጨናፍር ትምህርቲ ዞባታት ኣካዩዱ





ሚኒስትሪ ትምህርቲ፡ ምዕሩይ፡ ብቑዕን ዓይነታውን ቀረብ ትምህርቲ ንምርግጋጽ ዝዕላማኡ - ናይ 2022/2023 ዓመታዊ ገምጋም ስራሕ ጨናፍር ትምህርቲ ዞባታት፡ ብ29ን 30ን ኑሓሰ ኣብ ኣስመራ ኣካዪዱ።

ኣቦ'ቲ ሓለፍቲ ክፍልታት ሚኒስትሪን ምምሕዳራት ዞባታትን ዝርከብዎም ዝምልከቶም ኣካላት ዝተሳተፍዎ ገምጋም፡ ሓለፍቲ ጨናፍር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ኣብ ዞባታት፡ ሓለፍቲ ቤት-ትምህርቲ ዋርሳይ ይከኣሎ - ሳዋ፡ ማእከል ሞያዊ ስልጠናታት (ማሞስ)፡ ከምኡ'ውን ኣብያተ-ትምህርቲ ማሕበረ-ኮም ኣብ ስዑዲ ዓረብን ሱዳንን፡ ስታቲስቲካዊ ጸብጻባቶም ኣቕሪቦም።

እቲ ጸብጻባት፡ ትምህርቲ ብዓይነት ንምምሕያሽ ዝተወጠኑ መደባትን ትግባረኦምን፣ ምዕሩይነት ትምህርቲ ንምርግጋጽ ዝተኻየዱ ጻዕርታትን ውጽኢቶምን፣ ህሉው ኩነታት ኣብያተ-ትምህርትን ንጥፈታተን፣ ኣብ ምጅማር ትምህርቲ ዝለዓሉ ማሕንቖታት፣ ወሸጣዊ ብቕዓት ትምህርቲን ተሳታፍነት ብብደረጃኡን፣ ቀጻጻራዊ ንጥፈታትን ኣድማዕነቱን፣ ንጥፈታት ኣሕደርቲ ኣብያተ-ትምህርቲ፣ ትግባረ ወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት፣ መደባት ምጥፋእ መሃይምነትን ምሸታዊ ትምህርትን፣ ውጽኢት ተመሃሮ ኣብ ሃገራዊ መልቀቒ ፈተናታት፣ ከምኡ'ውን ባህላዊ፡ ጥዕናውን ስፖርታውን ንጥፈታት ዘጠቓለለ ነይሩ።

ትሕተ-ቅርጺ ኣብያተ-ትምህርቲ፣ ጸበትን ዋሕድን መምሃሪ ክፍልታት፣ ትሑት ተሳትፎ ደቂ-ኣንስትዮ፣ ራሕቂ ኣብያተ-ትምህርትን ጸገማት መጓዓዝያን፣ ኣብ ምደባ መማህራን ዝርአ ምድንጓያት፣ ጸገማት ምሕደራ ዓቕሚ-ሰብ፣ ሕጽረት ቀረብን መሳለጥያታትን፣ ዋሕዲ መማህራን ቋንቋ ኣደ . . . ካብ'ቶም ጉሉሓት ብደሆታት ምዃኖም ድማ ተገምጊሙ።

ተሳተፍቲ ድሕሪ ዘካየድዎ ዘተ፡ ዝተመዝገቡ ብልጫታት ተዓቂቦም፡ ቀጻጸርን ገምጋም ኽሲጋስ ስራሕን ክድንፋዕ፣ ዓቕሚ ዞባታት ምስ ቀረብት ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ብወሃደት ክሰራሓሉ፣ ሚኒስትሪ ናይ ገዛእ ርእሱ መሰልጠኒ ማእከል ከዋድድ፣ ወሃብቲ ደገፍ ትምህርቲ ክድፋኣሉም፡ ጉዳይ ምርጫን ምደባን ተመሃሮ ኣብ ባህርያውን ማሕበራውን ሱ-ፍልጠት ክዘኸቕ፣ ስልጠናታት ኣብ ኩሉ ደረጃታት ብወዱብ ክሰራሓሉ፣ ምትብባዕን ምምሕያሽ ኩነታት ስራሕን መማህራን ኣቓልቦ ክግበረሉ፣ ጠንቂ ትሑት ተሳታፍነት ደቂ-ኣንስትዮ ክጽናዕ፣ ተበግሶታትን ኣበርክቶን ሕብረተ-ሰብን መሻርኽቲ ኣካላትን ክተባባዕ ዝብሉን ካልኦትን ለበዋታት ሂቦም።

ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዋና ዳይረክተር ምምዕባል ዓቕሚ-ሰብ ኣቶ ጴጥሮስ ሃይለማርያም፡ ኽሲጋስ ክሉሳ ስርዓተ-ትምህርቲ (ካሪኩለም) ከም'ቲ ዝተበገሶ ከምዝይሰስለጠ - እንተኾነ፡ ንምጽፋፋ ይዕየ ከምዘሎ ኣገንዚቡ።

ብደሆታት ብውድዓዊ ኣጠማምታ ክረአዩን ሃገራዊ መደባት ልምዓት ኣብ ግምት ከእትዉን፡ ብቕዓት ትምህርቲ ክረጋገጽን መሰረታዊ ለውጢ ክመጽእን - ቀዳምነታት ተለልዮም ይስራሓሉም ከምዘሎ ብምሕባር፡ ኣብ ውጥን መጻኢ መደባት መብርሂ ሂቡ።

# ድባርዋ - ቤት-ትምህርቲ ቶራት ተወሰኽቲ ክፍልታት ተሃኒጹላ

ኣብ ንኡስ ዞባ ድባርዋ፡ ኣብ መበቆል ቤት-ትምህርቲ ቶራት ዝበረ ዋሕዲ መምሃሪ ክፍልታት ንምፍታሕ፡ ብተሳትፎ ህዝቢ ተወሰኽቲ ክፍልታት ተሃኒጹ።

ብ27 ኑሓሰ ኣብ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት ምምራቕ፡ ዳይረክተር ናይ'ታ ቤት-ትምህርቲ መምህር ህንጻ ዘርኣ ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ፡ እታ ቤት-ትምህርቲ ኣብ 1997 ብ250 ተመሃሮ ኣገልግሎት ከምዝጀመረት፡ ናብ ማእከላይ ደረጃ ዝሓለፉ ተመሃሮ ንምቕባል ዝበረ ጸገም ንምፍታሕ ከኣ ብ600 ሽሕ ናቕፋ ወጻኢ 3 ተወሰኽቲ ክፍልታት ከምእተሃንጸላ ገሊጹ።

ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ትምህርቲ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ መምህር ዘሙይ መንግስትኣብ፡ ብህዝቢ ንዝተወሰደ ተበግሶ ብምምጓስ፡ ጌና ተሪፉ ዘሎ ሕጽረታት ንምምላእ ተመሳሳሊ ተበግሶታት ክድፋኣሉ ኣዘኻኺሩ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ድባርዋ ኣቶ ፍረወንጌል ተኽለሃይማኖት ድማ፡ ህዝቢ ከም'ቲ ኣብ ምቅላል ጸገማት ትካላት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ዘካይዶ ዘሎ ጻዕሪ፡ ኣብ ምክንኻኑ እውን ብዝለዓለ ክሰርሕ ተላቢዩ።

ቤት-ትምህርቲ ቶራት፡ ንዓድታት ቶራት፡ ዓዲ-ክብለ፡ ኣደግና፡ ድርቤታይ፡ እምባቓጹ፡ ዓዲ-ተመናስን ዘሎ ኣገልግሎት ከምእትህብ ተፈሊጡ።



# ዓንሰባ - ሓሙሽተ ኣለይቲ ስንኩላን ስድራ-ቤታት ብጥሪት ተጣዩሰን

ኣብ ዞባ ዓንሰባ፡ ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልና ዘለዎም ቁልዑ ዝኣልያ ሓሙሽተ ስድራቤታት ብጥሪት ተጣዪሰን።

እቲ ኣብ ንኡሳን ዞባታት ከረን፡ ሓጋዝ፡ ሓልሓል፡ ዒላብርዕድ፡ ዓዲ-ተከሌዛንን ሓመልማሎን ዝተኻየደ ናይ ምጥያስ መደብ፡ ብምርጫ ናይ'ተን ስድራ-ቤታት ዝተተግበረን ኑቶም ስንኩላን ዘማእከለን ከምዝነበረ፡ ሓላፊ ጨንፈር ማሕበር ኣብ ዞባ ዓንሰባ ኣቶ ኢብራሂም ሳልሕ ሓቢሩ።

ዕላማ ማሕበር፡ ምስ ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልና ናይ ዝነብሩ ዜጋታት መሰል ምሕላው፣ ቁጠባዊ ኩነታት ስድራ-ቤታቶም ምምሕያሽ፡ ከምኡ'ውን ተጸሊኦ ከየጋጥሞም ምጥባቕ ከምዝጠቓልል ኣቶ ኢብራሂም ኣረዲኡ።

ኣብ'ዚ ናይ ምጥያስ መደብ ዝኣተዋ ስድራ-ብታት፡ ካብ ሓደ ንላዕሊ ስንኩል ወላዲ ዘለወን፡ ዝኸተምናን ስንክልናን ዝተደራረበን ኩይነን፡ ዕድመ ናይ'ቲ ስንኩል ልዕሊ 15 ዓመት ክኸውን ኣለዎ።

እተን ስድራ-ቤታት፡ ነፍሲ-ወከፍ ከም ምርጫኦ ዋጋ 20 ሽሕ ናቕፋ ብኩቡቲ ወይ ብጤለ-ብገዕ ከምእተጣየሳ፣ ከምኡ'ውን ከም መጠኒ 3 ሽሕ ናቕፋ ንቕለብ ጥሪት ከምእተዋህበን ዝሓበረ ኣቶ ኢብራሂም፡ ማሕበር ዓቕሙ ዘፍቅዶ ምክትታል ከምዘካብረለን ገሊጹ።

ጨንፈር ማሕበር ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንኩላን ዞባ ዓንሰባ፡ ልዕሊ 600 ምዝጉባት ኣባላት ኣለውዎ።

# መግለጺ ህዝባዊ ግንባር

መበል 62 ዓመት ምጅማር ሓርነታዊ ብረታዊ ቃልሲና ኣብ እንዝክረሉን እንጽንበለሉን ዘሎና ናይ ለምዘበን ባሕቲ መስከረም፡ ከም ወትሩ ብዙዕባ'ቲ ዘይበሊ ታሪኻዊ ኣገዳስነቱን ትርጉሙን ክስሳሰል ግቡእ እዩ። ባሕቲ መስከረም ኣብ ኤርትራዊ ዓውደ-ኣዋርሕ፡ ከም መዓልቲ ዝኽርን መብጽዓን፡ ከም ሃገራዊ ኣውደ-ኣመት ዕዙዝ ቦታ ስለዘለዋ፡ ብመላእ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ሃገርን ዲያስፖራን ብኽብሪ ምጽንባል ሃገራዊ ያታና ኮይኑ ኣሎ።

ኤርትራ ብዋሕን ዘይክኣል ዝበሃል ዝበረን ቃልሲ ካብ'ቲ ተኽቢጣትሉ ዝበረት ሕሱም ኩነት፡ ብሓይላን ጽንዓታን ህላወኣ ብምስግዳድ ካብ ረመጽ ብቓልሲ ዝተወልደት፡ ድሕሪ ናጽነታ ከኣ ተኸታታሊ ወራራት ኣፍሺላ፡ ግዳማዊ ተጽዕኖታት ሓያላት መኪታ፡ ናጻ ህላወኣ ብቓልሳ ዘረጋገጸት፡ ሕጂውን ናይ ራህዋን ብልጽግናን መጻኢ ንምህናጽ ኣብ ኑብስ ተኣማሚናን ተመርኩሳን እትቃለስ፡ ጽንዓትን መኸተን ዝመለለዩኣ ተቓላሲት ሃገር እያ። ኣብ ኤርትራ ልዕሊ ኩሉ ካልእ ዝስራዕን ዝኽበርን እቲ ረቋቕ ናይ ራእዩ፡ ንቕሓት፡ እምነት ኣብ ዕላማ፡ ሓድነት፡ ጽንዓት፡ ምጽማምን ቀራጽነትን ሓይሊ እዩ። እዚ ረቋቕ ሓይሊʼዚ ከኣ፡ መሰረት ሃገርን ፈጣሪ ልምዓትን ራህዋን እዩ። እዚ ስለ ዝፈልጡ ከኣ እዮም ጸላእትና እዚ ረቋቕ ሓይልናʼዚ ንምፍሓቕን ንምድኻምን ብውዲትን ጸቕጥን፡ ጠቕን ስነኣእምሮኣዊ ኲናትን ዝረባረቡ ዘለዉ።

ቃልሲ ግን ቅኑዕ መሰረትን ጎደናን እንተዘይሓዘ ፍረ ክርከቦን ክዕወትን ከም ዘይክእል ፍሉጥ'ዩ። እዚ ከኣ ኣብ ገድሊ ኤርትራ ብመሪር ተመኩሮ ተረጋጊጹ እዩ። ኣብ'ቲ ንጹር ሃገራዊ ራእይን ፕሮግራምን ውዳበን መሪሕነትን ዘይማዕበለሉ ቀዳሞት ዓመታት ብረታዊ ተጋድሎ ዝተሰግረ ቅልውላውን ኲናት ሓድሕድን ከኣ መርኣያኡ እዩ። ኣብ መስርሕ ቃልሲ ግን እቲ ህዝባዊ ግንባር ከም መሪሕ ውድብ ዝሃዞ ሰውራዊ ራእይን ፕሮግራምን ውዳበን መሪሕነትን ስለዘማዕበለ፡ ሓርነታዊ ቃልሲና ብዓወት ተዛዚሙ። ሎሚ'ውን ንልዑል ባህግታትናን ክቡር መስዋእትናን እትብቅዕ ሃገር ንምህናጽ ቃልሲ ክቕጽል ግድን ስለዝኾነ፡ በቲ ኣብ ሃገራዊ ቻርተር ተገሊጹ ዘሎ ራእይናን ፕሮግራምናን ተመሪሕና ከይተሓለልና ብጽንዓት ተቓሊስና ክንዕወት ኣሎና። ኣብ'ዚ ቃልሲ'ዚ ከኣ ህዝባዊ ግንባር፡ ከም ተሰካሚ ሕድሪ፡ ዋሕስ ትካል ሓድነትን መሰልን ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣንጻር ኩሉ ትሕተ-ሃገራዊ ጸቢብን መቓቕልን ዝንባሌታትን ተግባራትን ተቓሊሱ፡ ሰምርትን ብልጽግትን ኤርትራ ንምህናጽ መሪሕ ተራኡ ክፍጽም ታሪኻዊ ተልእኾኡ እዩ።

ኣብ ምህናጽ ሃገር፡ ህዝባዊ ግንባር ዘለዎ ተልእኾን ሓላፍነትን፡ ብታሪኽ ዝተወሰነ ውድባዊ ደኣ'ምበር ብዊንታ ዝመጸ ኣይኮነን። ብዮምጊቝ ኣረኣእያ፡ ህዝባዊ ግንባር ማእከል-ስሕበት ሃገራዊ ፖለቲካ ኮይኑ ምቕጻሉን ምድልዳሉን፡ ንማሰረታዊ ረብሓታት ህዝቢ ኤርትራን ዘላቒ ምዕባለኡን ዘገልግል ታሪኻዊ ኣድላይነት እዩ። ህዝባዊ ግንባር እምበኣር፡ ካብ ህዝቢ ከይተፈለን ንረብሓታቱ እሙን ብምዃኑ፡ ኣብ ሰፊሕ ተሳታፍነት ህዝቢ ዝተመስረተ፡ ማሕበራዊ ፍትሒ ዝሰፈና ድልድልትን ምዕባለትን ኤርትራ ናይ ምህናጽ ተልእኾኡ ክቕጽል ግድን እዩ።

መበል 62 ዓመት ኣብ ነኽብረሉ ዘሎና ዕለት፡ ዝኸድናዮ ነዊሕን ዕውትን ጉዕዞ ክንዝክርን ክንሕበሉን ግቡእ እዩ። ንቕድሚት ብምምዕዳው ድማ፡ ብሰፊሕን ውዱብን ጽኑዕን ተሳታፍነት ህዝብና ናጽነትናን ልኡላውነትናን እናኣደልደልና፡ ማሕበራዊ ፍትሒ ዝመሰረቱ ህዝቢ ዝዓንዲ ማእከሉ ሓያል ሃገራዊ ቁጠባ ክንሃንጽ ንሰርሕ ኣሎና።


ኤርትራ ብታሪኻ ዝጥዊ ርግኣትን ምትሕግጋዝን ከምኡ'ውን ኣብ ማዕርነትን ምምልላእን ዝተመስረተ ሓድሽ ፍትሓዊ ኣህጉራዊ ስርዓት ንኽህሉ ብዮንቕማ ምቕሉል እጃማ እትገብር፡ ንሰላምን ምትሕግጋዝን ህዝብታት ዝተወፈየት ሃገር እያ። ዞባና ሎሚ'ውን ብዮዮጬታትን ዘይምርግጋእን ይህወጽ ስለዘሎ፡ ኤርትራ በቲ ዘይቅዳር መስመራ ዝባዊ ሰላምን ርግኣትን፡ ኪጽዮኡ ድማ ሓድሽ ዞባዊ ናይ ምትሕግጋዝን ምውህሃድን ስርዓት ንምንዳቕ ከይተሓለለት ክትጽዕር ግድን እዩ። ኣብ ኣህጉራዊ ጽፍሒ ከኣ ብተመሳሳሊ፡ ኣብ'ዚ እንኮ-ቁጥባዊ ስርዓት ናብ ቅልውላውን ምንቁልቋልን ኣትዩሉ ዘሎ ናይ ምስግጋር መሊጋጉ'ዚ፡ ኤርትራ ምስ ኩሎም ደለይቲ ፍትሕን ሰላምን ህዝብታትን ሓይልታትን ብምዃኑ ኣንጻር ብውሑዳት ሰብ ፍሉይ ረብሓ ዝምራሕ ሓይልታት ዕብለላን ስዕንን ብምቅላስ፡ ኣብ ናጽነትን ማዕርነትን ዝተመስረተ ፍትሓዊ ኣህጉራዊ ስርዓት ንምህናጽ ግደኣ ክትገብር ኣድላዪ እዩ።


ኣብ'ዚ መበል 62 ዓመት ልደት ሓርነታዊ ብረታዊ ቃልሲና እንጽንበለሉ ዘሎና ባሕቲ መስከረም፡ ነቲ መሰረት ናጻ ሃገራዊ ምዕባለና ዝኾኑ፡ ምእንቲ ህዝባዊ ዕላማን ፍትሕን ሰብኣዊ ክብረትን ዝተኻየደ ጽኑዕ ቃልስን ዝተኸፍለ ክቡር መስዋእትን እናዘከርና፡ ብምህናጽ ሰልጥንቲ ኤርትራ ክንደኀቦ ሕድሪ ኣሎና። ህዝባዊ ግንባር ከኣ፡ ከም ቀደሙ ኣብ ተሳታፍነትን ርድኢትን ህዝቢ ኤርትራ ተመስሪቱ፡ ብምሉእ ዓቕሙ ንምህናጽ ኤርትራ ተወፋዩ ብምስራሑ፡ ሕድሪ ዝቕበልን ታሪኽ ዝቕጽልን ዝሰርሕን ብቑዕ ወለዶን ድልዱል ሃገራዊ ትካላትን ብምኽሳኽ ታሪኻዊ ተልእኾኡ ንምፍጻም ሕጂ'ውን ቃልሱ ክቕጽል እዩ።

ሕድሪ ባሕቲ መስከረም ብምህናጽ ሰልጥንቲ ኤርትራ ክንፍጽሞ ኢና!
ሰማእታትና ብስራሕ ይደበሱ!
ዓወት ንሓፋሽ!

**ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራሲን ፍትሕን**
**1 መስከረም 2023**
**ኣስመራ**







## እምነት ሓምድ

ገለ ሰብ ኣምንት ክሓስብ
ጸሓይ ክትብሎ ዕርብ

እምንት ዓዋተ ግን
ተብዓ ኣሰቃ ሓበን

ከመ-ቐጸበት ጩብጩባ
ንናጽነት ጋሊባ
እምንት ሓምድ
ከም'ቲ ማዕበል ዘቓንቓ መርከብ
ዘንፋ ክርንኪሕ መዘንብ
ተቓሊሳ እትዘጽሕ ወደብ

ተምሳላ ኹይና ህያው ኣቡት
እናደመዩት ነቒጺ ሞት
ንመሳል ንሓርነት ንናጽነት
ወይከ ፍንትት ንድሕሪት

እንኮ ዘከርም መንክር
ኣብ'ቲ ጓህሪ መዋጥር

ሰሩ ክመሓው ሃገራውነት
መስመር
ትሕቲ ሰብ ክኖዝእ ኤሪትራዊ
ጅር

በዓል መሬት ክስሉ
ትሕቲ መሬት ክኩበር
እምንት ግን ነደራ ምሽ'ቲ ህጡር

ዘይትሸረፍ እጽብቲ እምንት
ብራኢእ ትሕቲ መንገዲ
ሓርነት

ብዘይ ማይ ሰር ሓመድ
በቑላ ኣብ ልቢ ሓምድ

ዓኹኺ ኣብ ሓምድ ሰፈራ
ኩሉ ተጸሚማ ከተርሁ መከራ

ኣብ ትሕቲ 'ዛ እምንት
ብርእሰ ተኣማንኑት
ኣዓል ደይቡ ተኩሱ ጥይት
ሸፋት ቀለዕ ሕዞኣቲ ጸልማት

ከይዳ ከይዳ እምንት ሓምድ
ኣብ ደከኣሎ በጺሓ ጸላእቲ
ከተርዕድ

ናጽነት መጺኣ
ናይ መንነትና ዋሕስ
እህናኣ ሃዲእና ክትተንፍስ!

**ሴም መሴ ሴታፍ ፋይናንስ**
**ምክልኻል**


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቍ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ

ቍ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጰ. 247

ለይ-ኣውት
ትንሱእ ፍስሃየ
ቤተልሄም ታደሰ
ሳምራዊት ሃብተ
ፍርቱና ኤፍሬም
ቅሳነት ተወልደ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጰ. 1284

# ሓርነት፡ ፍረ ዕዮን ስርዓትን

## ንዝኽሪ ካብ ጽሑፋት ኣቶ ወልደኣብ ወልደማርያም

“ሓርነት” ከም ኣምር፡ ካብቲ ወዲሰብ ብኮም ተጠርኒፉ ክነብር ዝጀመረሉ እዋን ዓቢ ጉዳይ ኮይኑ ብቐጻሊ ከዘራረብ ዝጸንሐ፡ ንመጻኢ እውን እንተኾነ ርእሰ ነገር ማሕበራዊ ህይወት ኮይኑ ዝቕጽል እዩ፡፡ ንስለ ሓርነትን ፍትሒን ኣብ ዓለምና ኣዝዩ ብርቱዕን ደማዊን ውግኣት ተኻይዱ እዩ፡፡ ብዛዕባ



ወልደኣብ ወልደማርያም

ሓርነት፡ ብሓያሎ ሰብኣውያን ፈላስፋታትን ብዙሕ ተባሂሉን ብዙሕ ተጻሒፉን እዩ፡፡

ቀዳሞት ኤርትራውያን ተቓለስቲ ንሓርነት እውን፡ በዚ ኣጉዳሲ ኣርእስቲ ዝመደርዎን ዝጸሓፍዎን ውሑድ ኣይነበሩን፡፡ ንሓርነት ብብርቱዕ ባህጊ ደልዮሙ፡፡ ብርቱዕ ባህጊ ብርቱዕ ሰብ ስለዝፈጥር ከኣ ከም ዜጋታት ካብኡ ዝሕተት ዋጋ ከፊሎሙ፡ ንዝሰዓብ ወለዶ ኣብነት ኮይኖሞ፡፡ ድሕሪ ነዊሕን ኣዝዩ መሪርን ቃልሲ ድማ ባህጎም ከውን ኮይኑ፡ ኤርትራ ናጽነት ተጎናጺፋ፡፡ ባህጎም ግን ብናጽነትን ጥንዲራ ምንብልባልን ጥራይ ዝግለጽ ኣይነበረን፡፡ ብዛዕባ ሓርነት ዝነበሮም መረዳእታ ካብኡ ኣዝዩ ዝዓሞቐ እዩ፡፡

***ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ መበል 62 ዓመት ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንናጽነት ኣጋጢሚ ብምግባር፡ ቅድሚ 81 ዓመት፡ ኣብ ሰሙናዊ ጋዜጣ ኤርትራ ቁጽሪ 3፡ 14 መስከረም 1942 ተሓቲማ ዝወጸት ብዛዕባ ትርጉምን መቕረትን ሓርነት እትገልጽ ሓንቲ ዓንቀጽ ተቐርበልኩም፡፡ እዛ ዓንቀጽ’ዚኣ ምስኢ ዕድመኣም ምእንቲ ሓርነት ዝተቓለሱ፡ ንስለ ሓርነት ከቢድ ዋጋ ዝኸፈሉ ሓርበኛ ኣቦና ወልደኣብ ወልደማርያም ዝጸሓፍዋ እያ፡፡ ምስኢ ትሕዝቶኣ ደስዑ-***

* * *

ብዙሓት ሰባት ሓርነት ምርካብ ማለትሲ ዝደለኻዮ ምግባር፡ እቲ ቃሕ ዝበለካ እውን ምርካብ ማለት እዩ እናበሉ ይዛረቡ፡፡ ንኸምዚ ዝበለ ሓርነት እውን ሃረር ይብሉ፡፡ ካልኦት ብዙሓት ከኣ፡ ሓርነት ማለት ብስልጣን ገዛእ ርእሰኻ እናተገዛእካ ምንባር፡ ማለት ካብ ስልጣን ባዕዲ ምግልጋል ምኳኑ ይሓስቡን ይዛረቡን፡፡

“ሓርነት” ማለት “ናጽነት”፡ “ናጽነት” ማለት “ሓርነት” ማለት ከምዚኾነ ገይራቶም ደባሊቖም ዚሓስቡ እሞ፡ ሓርነት ዘይኮነ ነጻነት ከይወጹ ሃረር ዚብሉ እውን ኣይሰኣኑን፡፡ ግናኸ ነዚ ዳሕረዋይ ሓሳብ’ዚ ኣዕሚቕና ኣብልና እንተዝመርምሮ፡ ቋንቋናን ዛንታናን ከኣ እንተነስተውዕሎ’ሲ ሓርነትን ነጻነትን ነንበይነን ምኳነን ምፍላጥናን ምተረዳእናን እሞ፡ ሓርነት ንምርካብ በልና ምተጋደልና፡፡

“ናብቲ ቀንዲ መዛረቢና ትርጉም ሓርነት ተመሊስና እንተመርመርና ክልተ ዓይነት ሓርነት ከምዘሎ ወይስ ከምዘለዋ ክንርዳእ ንኽእል፡፡

ሀ) መንፈሳዊ ወይ ከኣ ኣእምሮኣዊ (ሞራላዊ) ሓርነት

ለ) ብገዛእ ርእሰኻ ምንባር ወይ ፖለቲካዊ ሓርነት፡፡

ከምኡ’ውን ክልተ ዓይነት ብገዛእ ርእሰኻ ምንባር ኣሎ፡፡

ሀ) ብፖለቲካዊ መገዲ ብገዛእ ርእሰኻ እናተመሓደርካ ምንባር፡፡

ለ) በቲ ንስጋዊ መነባብሮኻ ዜድልየካ ነገራት ኩሉ ርእሰኻ ክኢልካ ምንባር፡፡

ስለምንታይሲ፡ ሓደ ፍላይ ሰብ ወይ ሓደ ህዝቢ፡ በቲ ንመነባብሮኡ ዘድልዮ ነገራት ኩሉ ካብ ካልኦት ሰባት ወይ ከኣ ካብ ካልኦት ህዝብታት ይደሊ ክሳዕ ዘሎ ምንም እኳ በቲ ፖለቲካዊ መገዲ ብመንግስቲ ገዛእ ርእሱ ዚመሓደር እንተኾነ፡ ርእሱ ዝኸኣለ ብገዛእ ርእሱ ዚመሓደር ሰብ ወይ ከኣ ህዝቢ እዩ ተባሂሉ ክጽዋዕ ኣይግብኦን፡፡ ከምኡ’ውን ሓደ ህዝቢ ሞራላዊ ሓርነት ዝረኸበ እንተድኣ ዘይኮይኑ ሓራ እዩ ተባሂሉ ክጽዋዕ ኣይግብኦን፡፡ ብመንፈሳዊ ወይ ከኣ ብሞራላዊ መገዲ ሓርነት ምውጻእ ማለት ከኣ ሕጽር ብዝበለ ኣቀራርባ፡ ካብ ትሕቲ ዝበለ ንስልጣኑ ጭውነትን ናይ ብዙሓት ዕበየትን ዕንቅፋት ኪኸውን ዚኽእል ባህልን ጠባይን ኮታ ካብቲ ብሓደ ቃል “ድንቁርናን ስንፍናን” ዘበሃል ምግልጋል ማለት እዩ፡፡

እምበኣርስከ፡ ሓርነት ቅድሚ ኹሉ መንፈሳውን ኣእምሮኣዊን ማለት ሞራላዊዩ እምበር፡ ፖለቲካዊ ኣይኮነን፡፡ እዚ እንተተረኺበ ዝኸውን ከኣ፡ ሓርነት ይወጽእ እምበር ሓርነት ኣይወሃብን፡፡ ሓርነት ናይ ኣዝዩ ዝበርትዐን ዝጠውሐን ገድልን ድኻምን ምናልባሽ እኳ ናይ ዝመረረ መስዋእቲ ፍረ እምበር፡ መጉትጓትን ዘረፍንቲን ዘውሰድ ወይስ ደንገጽም ህያብ በሎም ዝሀቡኻ ነገር ኣይኮነን፡፡ ሓርነት ብትምህርትኻን ብዕዮኻን እትድልዮን እተጥርዮን እምበር፡ ብቓልካ እትዛረቦ ብሓሳብካ ድማ ሃሰስ እትብሎ ረቂቕ ነገር ኣይኮነን፡፡ ሓደ ጥሪት ወይ ንዋት ዘለዎ ሰብ፡ እቲ ጥሪቱ ወይ ንዋቱ ብገዛእ ዕዮ ኢዱ፡ ወይስ ብገዛእ ክእለቱን ጥበቡን ዘጥረዮ እንተኾነ ድኣ’ዩ ናይ ብሓቂ ጥሪቱን ንዋቱን ኮይኑ ብእኡ ኪኹርዕ ዚኽእል እምበር፡ ወዲቑ ዝረኸቦ ወይስ ብጠለ ዕድል እተዋህቦ ወይ እተመጽወተሉ እንተኾነስ ብሓቂ ኪኹርዓሉ፡ ኣብ ዝገበኦ ጥቕሚ እውን ከውዕሎ ኣዝዩ ዝበርትዐ ነገር እዩ፡፡ ካልእ መረድኢ እንተወሰኽና ከኣ፡ ዕረፍቲ ከም ዕረፍቲ ጣዕሚ ዘህልዎን ዘምቅርኑ ጻዕርን ድኻምን ብዝበዝሓሉ መጠን ድኣ’ምበር፡ ሓደ ዘይዓይይን ዘይደክምን ሰብ፡ ምንም እኳ ኣብ ልዕሊ ኣዝዩ ዝለሰለሰ መተርኣስ ክንኒት ወደስ ጡጥ እንተተጋደመ፡ ጥዑም ዕረፍቲ ኩቶ ክሰምዖ ኣይክእልን፡፡

ዛንታ ሓርነት እውን እንተመርመርና፡ ሓርነት ማለትሲ **ስርዓትን ስራሕን** ማለት ከምዝኾነ ኢና ንርድእ፡፡ ከምኡ ስለዝኾነ እኳ፡ ኣብቲ ስርዓትን ቅጥዒን ወይ ዕዮን ጻዕርን ዘይብሉ፡ ማለት ኣብቲ ዘይስርዓትን ዘይቅጥዕን ትህኪትን ፍትወት ገዛእ ርእስን ምጥልላምን መግፋዕትን ዘለዎ፡ ምንም እኳ ብገዛእ ርእሰኻ ምምሕድዳር እንተለዎ፡ ሓርነት ዝበሃልሲ ክህልዎ ኣይክእልን፡፡ **ብዙተረፈስ ሓርነት፡ ፍረ ዕዮን ጥበብን እንተኾነ ዚኸውን ብዕዮን ጥበብን ተደጊፉ ክነብር ብትርጉሙ ድማ ዕዮን ስርዓትን ተባሂሉ ክጽዋዕ ግቡእ እዩ፡፡** እቲ ካብ ኩሉ ዝበደደን ዝሓሰመን ባርነት፡ ትህኪትን ድንቁርናን ምኳኑ ቅድሚ ሎሚ ከዩስተብሃልናዮ ኣይንሓልፍን፡፡ “ጥበብ ዝወሩ” ህዝቢ’ኸ ከመይ ቢሉ ኮይኑ ሓርነትን ገዛእ ርእሰኻ ክኢልካ ምንባርን ዚብሃል ዓበይቲ ህያባት ከስተውዕሎ’ሞ፡ ከደልዮ ይኽእል?

ሓርነት፡ እታ ካብ ኩሉ ዝለበቐት፡ እታ ንኹሉ ምቁር ዝበሃል ዘለዎ ጾብለል እትብሎ፡ እታ ካብ ኩሉ ዝጠዓመት፡ ኩሉ ሰብ ልዕሊ ዝኾነ ይኹን ካልእ ነገራት ከምጊያ ዝጓቦኣ እያ፡፡ ኣብቲ ሓርነት ዘሎቶ፡ ኣብኡ ህይወት ኣሎ፡ ምዕባየን ምምዕባልን ኣሎ፡፡ ጣዕምን ባህታን ኣሎ፡፡ ልዕሊ ኹሉ ድማ ክብረት ዝበሃል ብሉጽ ልብሲ ኣሎ፡፡ ኣብቲ ሓርነት ዘይብሉ ግን፡ እዚ ኹሉ ዝጸብጸብናዮ ጸቡቕ ነገራት ክርከብ ኣይክእልን፡፡

ግናኸ ከይፈራሃና ከይተጉብጠና እንተ መርመርናስ፡ እዛ ጥዕምቲ ሓርነት፡ በቲ ሓደ ወገን ከኣ ኣዝዩ ዝበርትዐ ጉድኣት ከተምጽእ እትኽእል ህያብ እውን እያ፡፡ ሓርነት ብጸሀሪ ክትምሰል ምተኻእለ፡፡ ጸሃይ ብጥበብን ብምትሓዛዝን ሒዝካ እንተ ኣለኻዮ፡ ንኣዝዩ ዚዓበየ ጥቕሚ ይኸውን፡፡ ብዘይ ግቡእን ጥራይ ኣድካን እንተሓዚኻዮ ወይ ኣብቲ ዘይግብኦ ቦታ እንተንበርካዮ ግን፡ ኣዝዩ ዝኸበደ ጉድኣት ከምጽኣልካ ይኽእል፡፡ ኣብ ዛንታ ዓለም እንተ ተመልከትና፡ ካብቶም ብጦርነት ዝሞቱ ብሰንኪ ብዘሌ ሓርነት ተበላሺዮም ዝዘከርት ከምዝጠበሉ ክንርዳእ ንኽእል፡፡ እምበኣርስከ፡ ዘይለኻዮ ምግባር፡ ዊን ዝበለካ እውን ምርካብ፡ ሓርነት ማለት ኣይኮነን፡፡ ሓጎስን ባህታን ከኣ ኩቶ ኣይህብን፡፡ ሓጎስን ባህታን ናይ ቀጠጠጥትን ናይ ሕንቃቕን ፍረ ኣይኮነን፡፡ እቲ ናይ ሓቂ ሓጎስን ባህታንሲ፡ ኣብ ርእሰኻ ምግታእ፡ ኣብ ሓሳባትካ ምምላኽ፡ ኣብ ልዕሊ ግብርታትካን ሓሳባትካን ሓላፍነትን መዘኑትን ብምውሳኽ ወይስ ብምህላው እዩ ዝርከብ፡ ሓደ ህዝቢ ብድሕሪ ኸምዚ ዝበለ ገድሉን ጻዕሩን ዝረኸቦ ባህታን ክብረትን ከኣ ኣዝዩ ዝመቀረ እዩ፡፡

**ሰለሙን በርሀ**

## ዓበይቲ ፍጻመታት ወርሒ መስከረም ኣብ ታሪኽ ኤርትራ

1 መስከረም 1961 = ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ

1 መስከረም 1979 = ሓብራዊ ሬድዮ ሬድዮ ህ.ግ.ሓ.ኤ. “ድምጺ ሰውራ ኤርትራ” ብመገዲ ድምጺ ሓፋሽ ኤርትራ ሬድዮ ጀሚሩ

1 መስከረም 1986 = ኮማንዶ ህዝባዊ ግንባር ንመደበር ሓይሊ ኣየር ኣስመራ ብኸቢድ ብረት ኣጥቂዑ ብርቱዕ ጉድኣት ኣውሪዱ

1 መስከረም 1987 = ገዳም ተቓላሳይ ሸኽ ኢብራሂም ሱልጣን ዓሪፎም

1 መስከረም 1987 = ሃገራዊ ባህላዊ ቅነ ኣብ ሜዳ ኤርትራ ይኽየድ

1 መስከረም 1991 = ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ብቋንቋ ትግርኛን ዓረብን ቀዳማይ ሕታም ዘርጊሓ

2 መስከረም 1975 = ስምምዕ ካርቱም (ኣብ መንጎ ተሓኤን ህዝባዊ ሓይልታትን)

4 መስከረም 1904 = ህንጻት መገዲ ባቡር ባጽዕ ኣስመራ ጊንዳዕ በጺሑ

9 መስከረም 1945 = ማሕበር ሕብረት ምስ ኢትዮጵያ (ኣንድነት) ብ10 ዜጋታት ተመስሪቱ

10 መስከረም 1945 = “ህንጻ መንግስቲ ኤርትራ” ቅዋም ግዜ ፌደረሽን ብበይቶ ኤርትራ ጸዲቑ

10 መስከረም 1879 = ራእሲ ወልደሚካኤል ብውዲት ራእሲ ኣሉላ ኣብ ማሕዩር ኣትዮም

15 መስከረም 1952 = ወተሃደራዊ ምምሕዳር እንግሊዝ ስልጣኑ ንመንግስቲ ኤርትራ ኣረኪቡ፡ ጥንዲራ እንግሊዝ ብጥንዲራ ኤርትራ ተተኪኣ

19 መስከረም 1989 = ኣብ መንጎ ህ.ግ.ሓ ስርዓት ደርግን ኣብ ኣትላንታ ኣፈናዊ ርክብ ዘተ ሰላም ተኻዩዱ

20 መስከረም 1949 = ጉዳይ ኤርትራ ኣብ 4ይ መጋባእያ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ቀሪቡ

21 መስከረም 1952 = ጋዜጣ ደሃይ ኤርትራ (እዋን ፌደረሽን) ቀዳማይ ሕታማ ጀሚራ

23 መስከረም 1950 = ሓርበኛ ተቓላሳይ ወልደኣብ ወልደማርያም ንሻይ ግዜ ፈተነ ቅትለት ተኻዩዱሎም

25 መስከረም 1947 = ደቀንስትዮ ሰራሕተኛታት ፋብሪካ ባራቶሎ፡ ናይ ስራሕ ኣድማ ኣካይደን

26 መስከረም 1947 = ሓደ ካብ ፖለቲካዊ ሰልፊታት 40ታት “ሻራ ኢጣልያ” ተመስሪቱ

29 መስከረም 1980 = ስርዓት ደርግ ኣብ ዓሰብ 394 ሰላማውያን ሰባት ቀቲሉ፡፡



# ውጹዕ፡ ንሓዋሩ ክዕመጽ ኣይነብርን

**ጥዑምዝጊ ተስፋይ**

እዛ ናጽነት ኤርትራ ብብረታዊ ቓልሲ ኤርትራውያን ካብ ዝረጋገጽ 32 ዓመት ሓሊፋ። ነዛ ብዙሕ ናይ ንዋትን ህይወትን ዋጋ ዝተኸፍለላ ናጽነት ኣብ ምዕራፉ ንምብጻሕ ዝተተኽሰት ቀዳመይቲ ጥይት ድማ 62 ዓመታት ገይራ ትርከብ።

ቃልሲ ንናጽነት ብዋዕ እንኽብል፡ ዝሰገር ብዝይመስል ማሰገደል ተጋሪዱ'ዩ ንኽሉ ከበድ ኩነት ክዋጥሞ ዝወሰ። ኣንጻሩ ዝዓጠቐ ወረርቲ፡ በቲ ሓደ ብዓቕሞምን ብደገፍ ደቀ-መዛሙርቶምን ተኣማሚኖም፡ በቲ ካልእ ድማ ነቲ ብውሑዳት ሰባትን ብድሑርን ውሑድን ኣጽዋርን ዝወፈረ ተጋዳላይ ኤርትራ ካብ ዝሰበርዎ ንዕቀት፡ ኣብ ሓጺር ግዜ ክድምስስዎ እዮም ሓሊናም።

ተጋዳላይ ኤርትራ፡ እንተርፎ ካብ ህዝቡ ዝረኸቦ ውሑድ ሰንቅን ብቐልጽሙ ካብ ጸላኢቱ ዝምንዝዖ ዕጥቅን፡ ውሑስ ዝኾነ ምንጪ ኣብ ዘይነበረሉ፡ ናጽነቱ ክጭብጥ ከም ዝኾነ ዘጠራጥር ኣይነበርን። ምኽንያቱ ወጻዒ ዝወረዶ ሕቡር ህዝቢ፡ ኣንጻር ዝኾነ ይኹን ሓይሊ ገጢሙ ከም ዝዕወት ኣረጋጊጹ እዩ በርኻ ወጺኡ። ናጽነቱ ዝተመንጠለ መውዳእታኡ ክዕወት፡ ታሪኽ ዓለምና ብተደጋጋሚ ማስከርዎ እዩ።

ንብዙሓት ኣጽዋርን ዓቕሚ ሰብን ስርዓት ኢትዮጵያ፡ ከምኡ ድማ ነቶም "ሓያላት ኢና" በሃልቲ ደገፍቶም ዝረኣዩ ተንተንቲ ብውሑዱ ክልተ ወይ ሰለስተ ግዜ ሰውራ ኤርትራ ከም ዘብቅዕ ተነብዮም እዮም። ትንቢቶምን ፍጻመን ሕቖን ከብድን ምስ ኩነ ግን፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ድሕሪ ናይ 30 ዓመት ውረድ ደይብ ናጽነቱ ብቡዙእ ቅልጽሙ ክጭብጦ በቒዑ።

ካብ ፈለማ ነውራም ጸወታ ስርዓት ኢትዮጵያን ሰዓብቱን፡ ህዝቢ ኤርትራ ተረዲኡዎ እዩ። ሃገሩ ኣብ መጎልል ዕብየት ትሓክር ዝነበረትን ምስ ዘመናዊት ተመሓዝዩ ዝነበረን ህዝቢ ኤርትራ፡ ነቲ ብዘይድልየቱ ዝተኣመመ ፈደረሽን ምስ ድሕርቲ ኢትዮጵያ፡ ናብዩ ገጹ ክእንፍት ምኽኑ ኣይሰሓቶን። እቲ ንኽልቲኣን ሃገራት ብማዕረ ከለንትናዊ ረብሓ ከሰልየን ምኽኑ ዝተዋገረሉ ፈደረሽን፡ ብዋዕ ከይበለ፡ ንረብሓ ኢትዮጵያ ከገልግለን ማሰሊ ህዝቢ ኤርትራ ክዋህሰን ግዜ ኣይወሰደሉን። ምኽንያቱ ናይ መውዳእታ ሸቶ ናይ'ቶም ዓመጽቲ ንኤርትራ ምልሓቕ ስለዝነበረ።

ስለዝኾነ ህዝቢ ኤርትራ፡ ናጽነቱ ንኽረጋግጸሉ ብሰላማዊ መንገዲ ተደጋጋሚ ሕቶ ኣቕሪቡ። ስርዓት ኢትዮጵያ ድማ ንሰላማዊ ሕቶ ህዝቢ ንምድቋስ ሓይሊ ምጥቃም ከም ኣማራጺ ወሰዶ። ናብ ዓለማዊ መጋባእያታት እውን "እዝቢ የርእኹም" ኢሉ። ናይ'ቲ ግዜ 'ሰብ ፍትሒ' ኢና በሃልቲ ግን፡ ይትረፍዶ ንፍትሓዊ ሕቶ ተቐቢሎም ፍትሓዊ ፍርዲ ክህቡ፡ ኣእዛኖም እውን ንኣቤቱታ ህዝቢ ዝሰምዓ ኣይነበራን።

ሕቶ ህዝቢ ኤርትራ፡ ፈጺሙ ክሕተት ከም ዘይግባእ ተወሲዱ፡ ቅልቅል ንዝበለ ተቓውሞ፡ ብምፍርራሕ፡ ብማእሰርቲን ጠያይትን ምምላስ ንቡር ገይሮሞ። ማሰለይ ዝበሉ፡ ገበን ከም ዝፈጸመ ተቖጺሩ፡ ብዕጡቃት ስርዓት ኢትዮጵያ እናተሃድኑ፡ መዕቀቢ ከም ዝሰኣን ተገበረ። እዚ ድማ ንተቓውሞ ህዝቢ መመለሲ እናዕረገ መጺኡ። ክቃወሙ ዝፈተኑ መራሕቲ ቃልሲ፡ ገለ ኣብ ቤት-ማእሰርቲ ተዳጕኖም፡ ገለ ብምስጢርን ብጋህድን ተቐንጺሎም፡ ገለ'ኣቶም ድማ ብዘይፍታዎም ናብ ስደት ኣምሪሖም።

ዝወሰዶ ግዜ ይውሰድ፡ ዝተኾመረ ኣጽዋር ይኩመር፡ ፍትሒ ይቀብር ኣይቀብር፡ ቃልሲ ህዝቢ ፈጺሙ ክዕገት ከም ዘይክእል ዘይተገንዘቡ፡ ወይ ድማ ስዕዖ ዘዕወሮም ወረርቲ፡ ንሰላምን ምርድዳእን ዝኸውን ፈቓቕ ኣይፈቐዱን። "በሎ፡ ደምስሶ፡ እሰሮ፡ ቐትሎ. . ." ጥራይ ኹይኑ ቋንቋኦም።

ህዝቢ ኤርትራ ኣብ 1961 ብረታዊ ቃልሲ ምስ ጀመረ እውን፡ ገና ዕሸል እንከሎ፡ ካብ ምድሪ ኤርትራን ካብ ታሪኽን ንኽድምስስዎ ደኣ ተጓየዩ እምበር፡ ንሓንቲ ካልኢት እውን ደው ኢሎም ብዛዕባ ሰላማዊ ፍታሕ ክሓስቡ ኣይከኣሉን። 'ሰላማዊ ፍታሕ' ወይ 'ዝተ' እንተ በሉ'ውን፡ ውዲታቶም ክሳብ ዝሓላለኹ ብልሓኖም ጥራይ ዘድምጽዎ እምበር፡ ኣብ ባይታስ ህዝቢ ኤርትራ 'ብሓም ዝበለ ይተሓገዝም' ብዝዓይነቱ ጃህራ ይቐጥቀጥ እዩ ነይሩ።

ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝፈጸምዎ ግፍዒ፡ ንኽትጽወዩሉ እኳ ዘቖጥቕጥ እዩ። ስርዓት ሃይለ ስላሰን ደርግን በቲ ንኤርትራ ንሓዋሩ ንምውራር ዝበርዎ ስስዑን ሰይጣናዊን ሃርፎትን፡ ኣእጋሮም ኣብ ኤርትራ ካብ ዘንበፉሉ ግዜ ኣትሒዞም፡ ንኽሉ ብዓመጽን ህዝቢ ብምብስባስን እየም ደልዮሞ። እቶም ኣንጻር ህዝቢ ኤርትራ ዝተሰለፉ ዘራያቶም እውን፡ ብቐንጠቡ ብኣጽዋር፡ ብ"ኣጆኹም". . . ዘይተኣደነ ሓገዝ ብምምጻር፡ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ደረት ኣልቦ ኣረሜንነት ንኽፍጽም ዓቢ ተራ ተጻዊቶም።

ንሰላማዊ ኤርትራዊ ዜጋ ብምፍርራሕን ምጉብዕባዕን ክድህልዎ ፈቲኖም። ኣብ ኣብያተ-ማእሰርቲ ዳጕኖም ኣሳቕዮሞ፡ ንመረሕቲ ናይ ህዝቢ ብዋሁድን ስውርን መንገዲ ቀንጺሎም፡ ወይ እውን ናብ ስደት ከም ዝሃድሙ ገይሮም። ኣብ'ዛ ፍትሒ ዘይብላ ዓለም፡ ኣብ ልዕሊ ውጹዕ ህዝቢ ኤርትራ፡ ሰሸኽ ከይበሎም፡ ደረት ኣልቦ ግናይ ኣደራዕ ኣውሪዶም። "ዓገብ!" ዝበለ እውን ኣይነበረን።

ብሰሪ'ዚ ዘይፍትሓዊ ውሳኔ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝወረደ ማህሰይቲ፡ ብቐሊሉ ዝጽብጸብ ኣይኮነን። ኤርትራ ካብ'ተን መንገዲ ምዕባለ ዝጸረጋ ውሑዳት ሃገራት ኣፍሪቃ ከም ዝነበረት፡ ብሰሪ ወረርትን ሓገዝቶም ዘርዐዎ 10ታት ዓመታት ዝወሰደ ኩናት፡ ንድሕሪት ክትምለስ ተቐሲባ። 10ታት ኣሽሓት ደቂ ህዝቢ ስለ ፍትሓዊ ቓልሲ ህይወቶም ሰኢኖም። ዕድላት ብሩህ መጻኢ ኤርትራ ተኸሊፉ። ሳዕቤን ኩናት ኤርትራ፡ ኣብ ህዝቢ ኤርትራ ገዚፍ በሰላ ገዲፉ።

እንተኾነ ግን፡ እቶም ብምሒር ስስዐ ብሓይሊ ዝይመራዕዮም ከጕብቱ ዝሓለሙ ስርዓታት ኢትዮጵያ፡ ዝወረዶም ሃሲያን ታሪኻዊ ጸለም ነጥብን ቀሊል ኣይኮነን። ብሰላምን ብሕውነትን ክነብርን ናብ መንገዲ ዕብየት ክምርሽን እናተኻእለ፡ ምሉእ ኣቓምሮኦምን ጸጋታቶምን ናብ ኩናት ኣንጻር ኤርትራ ብምቕናዕ፡ ዕዑ ጉዝኦም ፈጺሞም ረሲዖሞ እዮም። እቲ ብዓቕሚ ናይ'ታ ሃገር ክምዝመዝ ዝተኻእለ ሃብቲ ህዝቢ ኢትዮጵያ፡ ናብ ግንባር ኩናት ቀኒዑ። ናይ ዘራያት ድፍኢት ዋላ ሓንቲ ኣየርብሓሎምን። ኢትዮጵያ፡ ምስናይ ብዙሕ ጸጋታታ፡ ምሉእ መዋእላ ብድኽነት እትልለን ሓገዝ እተቋምትን ሃገር ኩይና ቐጺላ። እዚ በሰላ'ዚ ክሳብ ሕጂ ክቕምርር ብዘይምኽኣሉ፡ እዛ ካብ ዝቐተ ድኽነት ክትወጽእ ኣይከኣለትን።

እዚ ዓብይቲ ናይ ሰላምን ምዕባለን ዕድላት ዝበልዐ ናይ ሓይሊ ሱ-ኣእምሮ፡ ክሳብ'ዚ ዘለናዮ ግዜ ዘሕዝዶ ሓቂ እንተ ሃልዩ፡ ሓቂ ከም ዘይቅበርን ሓይሊ ምጥቃም ቅዱው መደምደምታ ከም ዘይህልዎን እዩ። ህዝቢ ኤርትራ፡ ወትሩ ደላዪ ሰላም እዩ። ግን ከም'ቲ ብሓደ ኢድ ምጥቃዕ ከም ዘይከኣል ዝተዋገረ፡ ሰላም ብድልየት ሓደ ወገን ጥራይ ክመጽእ ዘይክእል ምኻኑ እዩ። ኣብ ዓለምና ዝተፈጸሙ ኩሎቶም ውግኣት፡ ብድልየት ሓደ ወገን ጥራይ ዝተወልዑ እዮም። እዚ ማለት፡ ብድልየት ናይ'ቲ ክዕምጽ ዝደሊ ሓይሊ። ዓማጺ እንክዕምጽ፡ ግዜን ኩነትን ይወስኖ እምበር፡ ተዓማጺ ወትሩ እናተዛረየ ኣኡዳዉ ኣጣሚሩ ክኑበር ከም ዘይክእል ምግንዛብ ልቦና እዩ ነይሩ። ስለ'ዚ እያ ዓለምና፡ ወትሩ ኣብ መንጎ ደለይቲ እንዳማጕቶምን ወጹዓትን ግርጭትን ውግእን ዘይፍለያ።

ሎሚ፡ ህዝቢ ኤርትራ ሃገሩ ናጻ ኣውጺኡ፡ ዋንኡ ምኻና ኣረጋጊጹ ይነብር ኣሎ። ከበድ ቃልሲ'ኳ እንተ ኣካየደ፡ ብኡ መጠን ድማ ዓበይቲ ዕድላት'ኳ እንተ ኸሰረ፡ ብዋጋ ዘካየዶ ቓልሲ ሽቶኡ ስለ ዝወቖዐ ዕዉት እዩ። እቶም ፈጺሙ ንዘይግብኦም ረብሓ ሰፍ ዘይብል ክሳራ ተሰኪሞም ዝተሳዕሩ ግን፡ እንታይ ክብሉ ይኽእሉ? ብስኑ-ኣእምሮ ሓይሊን ሰዕዖን ተኾብኪቦም፡ ብኣማኢት ኣሽሓት ዝፍቀድ ህይወት ዜጋታቶምን መጠን ዘይብሉ ጸጋ ሃገሮምን ኣጥፊኦም፡ ጥራይ ኢዶም ምስ ወጽኡ፡ ዋላ ሓንቲ ዘመኽንይዎ የብሎምን። ዝምለስ ስለ ዘየሎ፡ ብውግእን ሞትን እንተርፎ ዕንወት ካልእ ሰናይ ነገር ከም ዘይርከብ ክመሃሩ እንተ ኽኢሎም ግን፡ ንመጻኢ ስለ ዝሕሾም ልቦና እዩ። ካልእ ኣማራጺ እውን ስለዘየሎ።

እንተ ህዝቢ ኤርትራ፡ ሃገሩ ወኒኑ ንዘልኣለም ክኑበር እዩ። ኣብ ዝኾነ ይኹን እዋን ኩነትን ድማ፡ ብሃገሩ ንዘመጽኦ ዝኸፈለ ክኸፍል ድሉው እዩ። ኩናት ስለ ዝበህግ ዘይኩኑ፡ ከም ኩሉ ህዝቢ ዓለም፡ ኣብ ሃገሩ ብናጽነት ክነብር ማሰሊ ስለ ዘለዎ።





## ሓዲድ መዋእል ቓልሲ

ገድሊ ከም ምኻኑ ዘይቐየር ዕጫ
'ኣርክበኒ' ምስ በለ ረገጹ ኣብ ግራጫ
ምዕይ ኣብ ምባሉ ደቂቁ ከይተሰምዐ
ህገም ክፍሕሩሉ ሃድናም ምስ በዚሓ
ንሶሚን ኣምሲሉ ንደቡብ
ንምብራቕ ኣምሲሉ ንምዕራብ
ናብ ዝረገጾ ምድሪ ዳግም ከይተመልሰ
ኣሰሩ ገልቢጡ ምድሪ እናጠሕሰሰ
ሩፍታ ብዘይብሉ ንወትሩ ከልብትብት
ሰንቂ ከይቋጸረ እኳ ንፈውሲ ሞት
ኣሽሓት መሪሑ ብኣሰር ሽዳኡ
ከም ጽሑፍ ብራና ኣንቢሩ ማሕተሙ
ዓርኪ በይዛ ሰቡ ኣብ ቅተልን ውድቐን
ስምብራት ርጋጹ ዘርዕድ ከም ግዝዓም
ሽዳ ወዲ ገድሊ - ሽዳ ወዲ ሜዳ
ሽዳ ሰፈር ታሪኽ - ባቡር ናይ ኮርዒዳ
ብጻይ ኤርትራዊ
መፈጥሩ ኣብ ሓዊ፣

ደላዩ ናጽነት. . .
ብውሑጥ መቓልሕ ደምጹ እናሰመዐ
'ሞት ከም ኣዓም' ኢሉ "ውሒደ" ከይበለ
ቀንልዒ ኸሎ ባና፡ ኣብ እዋን ጽልግልግ
ናቕፉ ሓርዩ ጉብለል ንዘቦን ክጠንግ
የናስ ኣብ ኩቡዲ ዓሴ ንድሕሪት ዝዩ
ሓርበኛ ኣብ ረመጽ፡ ህዝቡ ምስ ፈተወ
ህሩግ ናበ'ቲ ዓረር፡ ባሩድ ተጎልቢቡ
ንጸሒያ ከቋምት ረግረግ ደም ረጊጹ፣
ብጅማት ብረሲ ልጉብ ልጉብጉብ
ብቐንጥብጣብ ጎማ ትካብ ትኹብኩብ
ዛዕ ኣቢሉዎ ምሽዱ ንድሩዓት ኣሰእን
ብጥባብ እተሰርሐ ከምኩ ንሓጺን፣

ተዃጺፉ'ወ በይዛ ኩቡዲ እግሪ
ተጓዒዙ'ወ ጉዕዞ ብዘይ ደምጺ፣
ምስ'ተን ሽኾኽቲ፡ ሩፍ ዘይብላ ኣእጋር
መኮርኮርን ሓይልን ኣብ ጎላጉል ሰምሃር
ቀዝሒ እናቐዘፈ ክሳብ ወኪ ዛግር
ስጉሚ ሽኽል ንቐሉ፡ ቃውሮ ምድሪ ደንከል
ብቓልቃልን ባልባልን መኺኹ ከሰዋር
ብጃህርን በረድን ክምጠጥ ክቕምርር፣
ሳሕል ብሕጻርታ ምድራ እናምበዛቒ
ሰኣል ኣብ ግዙኣቱ ምድሪ ምስ ዓረቐ
ባርካ ተወርዩሉ' ሰጊሩ ብዋል ሽዳ
በርቂ ምስ ቀደደ፡ ከየድሃየ ነጉዳ፣

ዃናይ ኣልዒሉም ዃናይ ክበድፉ
ደንከል ምስተሻቐተ ንቕልቀል ዝኣፉ
ሽውሽውታ ፈጣን ንፋሱ ተጎጊኡ ኣድሒሩ
ንርሑቕ ዘቐርብ ብሽዳ ሰዲሩ፣
'ኣበ'ቲ ኣሎ- ኣብ'ዚ'ንህ - ረኣዩዎ' ዘይበሃሎ
ንቐለኡን ብጽሓኡን ቋሕ ሰም ዘይቅድሞ
ሕመት ተጎልቢቡ፡ ኣበ'ቲ ድቕድቕ ጸላም
ሕሩም ኢሉ በቃ ጣሕሽዎን ገልጠዎን
ብብልሓ እኪያት ዝጠን መርዝም ተመን
መራግጹኡ ሰይፈ ግራጭዎን ዳንዴርን
ተካሉ 'ናጽነ መመለሱ ሓንን
ሳላ ድርዒ ጽንዖት ናይ ሹዳን ሽደንን፣

ኣውጉት ሰብ ክትብልዕ ኣበ'ቲ ዘይሰዓቱ
ግራት ሳሊና ክጭኻበን መርሖ ሞት ከፊቱ
ከም ብጻዩ ጠዊኑ ተበሲዑ ብሓጻውን
ኪዳን እትዩ ሓንሳብ ንሓዋሩ ከይጠልም፣
ይቐንጡብ ይምተር፡ ብዕውጽን ዓረርን
ጸራጊ መንገዲ ሓዳድ ሕማቕ ዘበን፣
ሽዳ - ሽዱ ሽዳ
ጎይታ ርእሰ ምርኮ፣
ወፋራይ ናጽነት ንዓኻ ኣሚኑ
ጽናዕቲ ክወጽእ ኣብ ዝጠንካ ተጸዩሩ
ኣጻምእ ትሰንጥቕ ውግእ ኣብ ምጉዛኡ
ዓቐቲ ትፍንጥስ ብደሆ ኣብ ምኽራሩ
ኣብ ረመጽ ትምጠጥ ኸም ፍሉሕ ትገርር
ኣብ ቀዝሒ ትዕንትር መሊስካ ትተርር
ሽዳ ሓዲድ ቃልሲ ካብ ኣልፋ ኦሜጋ
ብመንፈስ ትቃለስ ግኡዝ ክስሻ፣

ሽዱ ማንታኡ ንቓልሲ፡ ወናኒ ናጻ ሃገር
ሽደን እንክለዓል ስምካ ዘይሰገር
መፍትሕ ግናይ ዘበን መወከሲ ገድሊ
ትእምርቲ ምጽማም በሊኻ ዘይትብሊ!

**ዝኽሪ ንሰማእታት ኤርትራ!**
**ዓወት ንሓፋሽ!**

# ዘይክማህ መኸተ
## ንመሰል ህዝቢታትን ሰባትን

ሃገራዊ ታሪኽ፡ መግለጺ ሚዛንን ክብረትን ሓደ ህዝቢ እዩ። ብመንጽር ታሪኽ ኩለን ሃገራት ሓደ ዓይነት ሚዛን ኣለወን ክበሃል ኣይከኣልን። ሃገራት ብመጠን ዝገጠመን ብድሆታት፡ ንዕኡ ንምስዓር ዘጥረይኦ ክብርታት፡ ዝሓለፍኦ ተሞክሮን ዝፈጸምኦ ቅያታትን ርእሰ ታሪኽን ይፈላለ እዩ።

ህዝቢ ኤርትራ፡ ተጻብኦ ባህርይ ዘይብሉ፡ ዘይናቱ ዘይደሊ ጭዋ ህዝቢ እኳ እንተኾነ፡ ብሰንኪ ዓይኒ ዝስሕብ ስትራተጅያዊ ኣቀማምጣ ቦታኡ፡ ጸጋታት መሬቱን ባሕሩን፡ ህላወኡ ንምርግጋጽ፡ ኢዱ ከይሃበ ንዘመናት ኣብ ቃልሲ መኸተ ክጽመድ ዝተገደደ ህዝቢ እዩ። ኣብ ታሪኽ ማእከላይ ዘመን ናይዚ ዞባዚ፡ ሃገራት ኣፍሪቃ ከምዚ ሎሚ ንፈልጠን ከይቆማ፡ ህዝቢ ኤርትራ ብኹሉ ኩርናዓት፡ እንተላይ ካብ ስግር ባሕሪ ብፀማጺ ዝፈታተንዎ ዝነበሩ ወረርቲ እናመከተ ንሰለ ሰብኣዊ መሰሉን ክብረቱን ዘረጋገጸ ናይ "ኣይግዛእን!" "ኣይርገጽን!" ሓርበኛነት ሱድን ዘሐብቦን ታሪኽ እዩ።

ዘመነ መግዛእቲ ምስ መጸ እውን፡ ምእንቲ መሰሉ'ዩም፡ ምስቲ ብሓይሊ ኣጽዋር ዝበለጾም መግዛእታዊ ሰራዊት ጣልያን ገጢሞም ዝወደቑ "ኣይንግዛእን!" ኢሎም ዝተረሸኑን ዝተሓየሩን ኤርትራውያን ውሑዳት ኣይነበሩን። ኣብ ሮማ ሴፉ መዛዙ መስተንክር ቅያ ዝፈጸሙ፡ ክሳብ ኣዲስ ኣበባ ተጓዒዞም ኣብ ልዕሊ ኢጣልያዊ ጀነራል ቦምባ ዝደርበዩ ጀጋኑ፡ ሓደት ካብቶም ብኣብነት ዝጥቀሱ ጀጋኑ እዮም።

ኣብ እዋን ካልኣይ ኩናት ዓለም፡ ኣብ 1941፡ ጣልያንን ሰበ ኪዳኑን ምስ ተሳዕሩ፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ መሰል ርእሰ ውሳኔኡ ንናጽነቱን ልኡላውነቱን ከረጋግጽ'ዩ ኣንቂዱ። ይኹን'ምበር ብታ ሽዑ ዓብላሊት ዝነበረት ኣመሪካ፡ "ናጽነት ኤርትራ ኣንጻር ስትራተጅያዊ ረብሓና'ዩ" ተባሂሉ ተኸሊፉ። እዚ ፍጻመ'ዚ ኣብ ዘመናዊ ታሪኽ 20 ክፍለዘመን፡ ሓደ ካብ ዓበይቲ ጥሕሰታት ኣህጉራዊ ሕጊን ግህሰት መሰል ሰባትን እዩ ነይሩ። እንተኾነ ህዝቢ ኤርትራ፡ በዚ ዕንቅፋት'ዚ ኣይተሰናበደን። ሰላማዊን ሕጋዊን ተቓውሞኡ ብሓይሊ ጭፍለቓ ንምጽዓዱ ኣብ ዝተኻየደን ክልተ ዓሰርተ ዓመት፡ ምስናይ ዝገጠሞ ከቢድ ተጻብኦ፡ ደምጹ ንምዕባስ ዝተኻየደ ሽርሒን ጭፍለቓን፡ ን20 ዓመታት ዝኣክል፡ ኢዱ ከይሃበ፡ ሰላማዊ ተቓውሞኡ ከየሰልከየ ድሕሪ ምቕጻሉ፡ ኣብ መወዳእታ ሰማዒ እዝኒ ምስ ሰኣነ፡ ሕጋዊ ሃገራዊ መሰሉ ብቐልጽሙ ንምርግጋጽ ብ1 መስከረም 1961 ዕጥቃዊ መኸተ ኣበገሰ።

ኣብቲ ህዝቢ ኤርትራ ዕጥቃዊ ቃልሲ ዘካየደሉ ዝነበረ ዘመን "ዝሑል ኩናት"፡ ካብ ቅድሚ 1961 ጀሚርካ ክሳብ 1974 ኣመሪካን ሰበ ኪዳናን ከምኡ'ውን ካብ 1974 ክሳብ 1991 ኣብ ዝነበረ እዋን ሕብረት ሶቭየትን ሰበ ኪዳናን፡ ተበራርዮም፡ ዝኸፍ መግዛእታዊ መኪና ወከል ሓይሊ ኑዲቖም፡ ንሓደ ንእሹቶ ህዝብን መሰላቱን ንምድሃኽ መጠኑ ሰፊሕ ወራራት ኣካይዶም እዮም። ህዝቢ ኤርትራ ግን ምእንቲ ሕጋዊ መሰላቱ ክምህ ከይበለ መኪቱ፡ ተዓዊቱ ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ታሪኽ መሰል ህዝቦታትን ሰባትን ኣብነታዊ ታሪኽ ሰሪሑ።

ህዝቢ ኤርትራ፡ በዚ ጅግንነታዊ ናይ መኸተ ታሪኽ ሓሊፉ፡ ብሓያል መኸተኡ መላእ መሬቱ ሓራ ድሕሪ ምውጻእ እውን፡ ኣብ ኣህጉራዊ ሕጊን መሰል ህዝቦታትን ነቕ ዘይብል ፖለቲካዊ ባህሊን መትከልን ሰሪቱ እዩ። ኣህጉራዊ ሕጊ ብምኽባር፡ ናብ በይናዊ ኣዋጅ ናጽነት ከይተደናደኑ፡ መሰሉ ንናጽነትን ልዑላውነትን፡ ኣብ ሚያዝያ 1993 ብዝተኻየደ ሕጋዊ ረፈረንዱም ብምርግጋጽ፡ ተወሳኺ ኣብነታዊ ታሪኽ እዩ።

ድሕሪ ናጽነት ህዝቢ ኤርትራ፡ ነታ ነዊሕ ተጓዒዙ ብጅግንነትን መስዋእቲን ዝጨበጦ ሃገረ ሓርነትን ናጽነትን ኑቲ ወርሻ እትብቅዕ ካብ ዕብለላን ዝምታን ገልያትን ሓራ ዝኾነት፡ ሓቀኛ ናጽነ ልዑላዊትን ወሀድትን ሃገር ክትኮውን ንህንጻታ እጅጊኡ ሰብሰቡ ተበገሰ።

የግዳስ ናይ ክልተ ወለዶታት ተጻብኦ ኣየዕረፈን። ናይ ታሪኽን ግዜን ኢጋጣሚ ኮይኑ፡ ህዝቢ ኤርትራ ናጽነቱን ልዑላውነቱን ዝተጓናጸፈሉ እዋን፡ "ዝሑል ኩናት" ዘኽተመሉ መድረኽ እዩ ነይሩ። በዚ ድማ ስርዓት "ሕብረት ሶቭየት" ተሳዒሩ ስለዝተባህለ፡ ኣመሪካ እትመርሖ ኪዳን "ተዓዊትና! እንኮ ቁጥባዊ ዓለም ከዝሃንጽ ኢና" ናብ ዝበል ዓንዳሪ እምነት ክዘሉ ተራእዮም። ንዕቅትን ርግጸትን ኣህጉራዊ ሕጊ ብምንጋስ፡ ጸጋታት ህዝቢታት ዓለም ንምብሓትን ምምዝማዝን ንዓለም ኣብ ዞባታት ጸልዋ ከፋፊሎም፡ ናይ ዞባታት ጸልዋ (መልሕቓት) ወኪላት ሰዩሞም፡ ንሕቡራት ሃገራትን ዞባውን ዓለማውን ውድባትን ከም መጋበርያ መሓውር ዓብሊሎም፡ ዓንዳሪ ስዕኦም ንምርዋይ ሃጺጾም። ብምስሉይነትን ሓሶትን ምስምሳት እናፍሓሱ ድማ፡ ብታህዲድን ጭፍለቓን ወራርን ኣብዚ ዝሓለፈ ልዕሊ 30 ዓመታት ኣብ ዝተፈላለየ ክፍለታት ዓለም ቅልውላዋትን ዘይርግኣትን ህልቂትን ዕንወትን ብምስዓብ፡ ብርግጸት ኣህጉራዊ ሕግን መሰል ሰባትን ጉብለላት ኪኾኑ ተራእዮም። ህዝቢ ኤርትራ ብጅግንነታዊ ቃልሱ ናጽነት ምስ ተጓናጸፈ ኣንጻሩ ክካየድ ዝጸንሐ ዝቐጸለ ዘሎን ተጻብኦ ከኣ፡ ኣብ ክሊ ናይዚ ዓንዳሪን ዝምብዕን እምነትን ፖሊሲታትን ዝርኣ እዩ።

### ገሊሓት ተጻብኦታት ድሕሪ ናጽነት

1) ህዝቢ ኤርትራ ንህንጸት ሃገር ተበጊሱ ብዙሕ ከይሰጎመ፡ ኣብ 1996 ኣመሪካን ሰበ ኪዳናን ብወኪሎቶም ኣብ የመን ዘጠለዎ፡ ሕጋዊ መግዛእታዊ ውዕላት ዘዋሰሉ፡ ቀዲሙ ተላዒሉ ዘይፈልጥ፡ ብጉጅለ ሕኒሽ ዝተሰምየ ናይ ባሕራዊ-ዶብ ቅልውላው ፈጢሮም ከይብቅዕ ኑቲ ጉዳይ ሓሊሊኻም፡ ኣብ ፍርዳዊ ማሰርሕ ብምትእትታው፡ ሰበብ ወጥሪን ዘይምርግጋእን ኣንጺፎም እዮም። መንግስቲ ኤርትራ ግን፡ እቲ ዓሎቕ እናተራእየ፡ ምእንቲ ዞባዊ ርግኣት፡ ውዕላት ኣኽቢሩ ኑቲ ውዲት ሓሊፍዎ።

2) ድሕሪ'ዚ እውን ነዊሕ ከይጸንሐ፡ ኣብ 1998፡ በቲ ዞባዊ ወኪሎም ኪኸውን ዝቘጸርዎ ስርዓት ኢትዮጵያ፡ ብጉጅለት "ባድመ" ዝፍለጥ ዝኾነ ሕጋዊን መንታዊን ምኽኑይነትን ዘይብሮ ቅልውላው ዶብ ኣበጊሶም፡ ወተሃደራዊ ወራራት መሪቖም፡ ን2 ዓመታት ብደማዊ ኩናት ወጥሪን ህልቂትን ዕንወትን ከምዘዞራስ ገይሮም። ኣብ 2000 ኑቲ "ግጭት" ፍርዳዊ መዕለቢ ንምግባር፡ "ቀያዲን ናይ መወዳእታን" ክኸውን ውዕል ብዝተፈረመሉ መሰረት፡ ዳኛዩ ኣካል ቁይሙ፡ ኣብ 2002 ንኽርክር ዘይርሓ ውሳኔኡ ድሕሪ ምሃቡ ከኣ እቲ "ግጭት"በቲ ውሳኔ ክኽትም ነይሩዎ። የግዳስ እቲ ጉዳይ ንዛንደስቱ ናይ ዶብ ሽግር ኣባሪዑካ ምዕላብ ዘይኮነ፡ ዘይዓርፍ (perpetual) ወጥሪ ምቕጻል ስለዝነበረ፡ እቲ "ቀያዲን ናይ መወዳእታን" ብይን ተጻሒጉ፡ ሕሂን ባይቶ ጸጥታኡን ሓላፍነቶም ንኸየልዕሉ ተቐዪዶም፡ ንቡጣ ልዑላዊ መሬት ኤርትራ ን20 ዓመታት ቀጺሉ።

3) ዶባዊ ቅልውላውት እናኸመርኑ፡ ህዝቢ ኤርትራ ሩፍታ ረኺቡ ህንጸት ሃገሩ ከየሰላስል ጀሆ ንምሓዙ፡ ናይ የመንን ኢትዮጵያን "ዶባዊ" ህውከት ሸውሃቶም ስለዘጸገቡ፡ ኣብ 2008 ናይ ጅቡቲ-ኤርትራ ዶባዊ ግጭት ዝበሉዎ፡ ብመንግስቲ ጅቡቲ ኣበጊሶም ጥራይ ዘይኮኑ ብኡ ንብኡ ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ኤርትራ ኩሄ ኣዊጆም፡ ኩናት ኣባሪዖም፡ ከም መሳበቢ ዞባዊ ቅልውላው ኪሓሎኸዎ፡ ንሓያሎ ዓመታት ዘይምልከቶም ምትእትታዋት ክህቅኑ ተራእዮም።

4) ኩሉ'ዚ ኣህጉራዊ ሕጊ ዝረገጸ ወራራትን ብቐጻሊ ዘሰዩ ወተሃደራዊን ፖለቲካዊን ቁጠባዊን ሽርሒታትን ንመኸተ ህዝቢን መንግስቲን ኤርትራ ንሃገራዊን ሰባዊን መሰላት ስለዘጸዓደ፡ መኸተን መሰል ርእሱምክልኻልን ህዝቢ ኤርትራ ንምልሕላሕን ኣቓልቦ ዓለም ንምጥዋይን ተባሂሉ ብዝተፋሕሰ ሓሶት፡ ኣብ ቅድመ ልደት 2009 ብሓደ መዓልቲ፡ ብዘሰደምም ድራማዊ ምድንጋር፡ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ፡ ብባይቶ ጸጥታ፡ ዝኾነ ሕጋዊ ባይታን መርትዖታትን ዘይብሉ ብይን "እገዳ" ከምዝሓልፍ ገይሮም። እዚ እውን ብህዝብን መንግስቲን ኤርትራ ተጻሒጉን ተመኪቱን።


5) እዚ ኹሉ ተደማሚሩ መኸተ ህዝቢ ኤርትራ ንልዕልና ፍትሒ ክምህ ስለዘየበለ በቲ ሓደ፡ ሽውሃት ወረርቲን ገሃሰቲ ኣህጉራዊ ሕግን ስለዘየዕገበ በቲ ካልእ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ካልእ ሽርሒ "ፍልሰት ሰብ" ኣሊሞም። እዚ ብትካላት ስለያ ብዝተራቐቐ ውጥን ዝምወልን ዝኣለን ውዱብ ዓለማዊ ገበን ድማ፡ ምስናይ ጸዑቕ መደናገሪ ፕሮፓጋንዳ ብስፍሓት ክሰርሓሉ ኣሎ። ሕ.ሃ. ዝምልከቶም ወገናት ግዴታኦም ክፈልጡ ከኣ ተጋሪናም ክዝክሩ ጽሒፉም።


6) ኣብ 2018 ኣብዚ ዞባ ወኪል ኪኾኑም ዝሰደቖምን ብዙሕ ዝተኸናኸንዎምን ጃንዳ፡ ብቑጥዐ ህዝቢ ኢትዮጵያ ካብ ስልጣኑ ምስ ተኣልየ፡ ብኣንጻር ባህጊን ድሌትን ህዝቦታት ኢትዮጵያ፡ መንኮርኮር ታሪኽ ንድሕሪት ንምምላስ ኑቲ ብህዝባዊ ቃልሲ ዝተባረረ ሓይሊ ትንፋስ ንምስካዕ ዘካየድዎ ኣጉል ወተሃደራዊ ዕንደራ፡ ከቢድ ሰብኣዊ ቅልውላው ኣኸቲሉ እዩ። እንተኾነ ብሓያል መኸተ ህዝቦታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣደብ ከምዝሕዝ ተገይሩ። የግዳስ በዚ ስዕረት'ዚ እውን ኣይተሓለሉን፤ ጉዳያት ሓላሊኾኻን ፍታሕ ኣርሒቕካን ቅልውላዋት ንምምሕዳር ዝግበር ሃቐነታት ድማ ገና ኣይዓረፈን።

ህዝቢ ኤርትራ፡ ብወራርን ምትላልን ምስይጣንን ታህዲዳትን ሽርሒታትን ከይተሰናበደን ከይተዓግተን፡ ንወለዶታት ብዘማስከሮ ጽንዓት መኸተኡ፡ ምእንቲ ልዕልና ሕግን ፍትሒን፡ መሰላት ህዝቢታትን ሰባትን ቃልሱ ይቕጽሎ ኣሎ። ከም ኣካል ናይቲ ኣብዚ ዝሓለፈ 30 ዓመታት ንዓለም ብ"ሕጊታት ጫካ" ንምግዛእ ዝተኻየደን ዝካየድ ዘሎን ዓንዳሪ ጸወታታት ብዘገጠሞ ተጻብኦታት ድማ መኸተኡ ተረሪሩ'ምበር ኣይሰለፈን።

ህዝቢ ኤርትራ ጥራይ ዘይኮነ ካልኦት ህዝቢታትን መንግስታትን ዓለም እውን፡ እቲ ዘሎ ዓለማዊ ስርዓት፡ ናብ ልዕልና ኣህጉራዊ ሕግን ፍትሒን ዘገዝእ፡ ሓድሽ ዓለማዊ ስርዓት 21 ዘመን ንምቕያሩ፡ ሕቡራት ሃገራትን ካልኦት ዓለማውያንን ዞባውያንን ውድባት ቅርጻዊ ምትዕርራይ (structural reform) ኪካየደሎም ይጠልቡ ምህላዎም ሃንደበት ዘይኮነ፡ ካብ ንቕሓቶም ንኹሉ ህቀናታት "ዕብለላን ግቡታን" ዝቕል ምኻኑ ርዱእ እዩ።

ህዝቢታት ዓለም ብሓፈሻ፡ ህዝቢታት ዞባና ከኣ ብፍሉይ፡ ብሕቡራት ሃገራትን ኩለን ኣባል ሃገራቱን፡ ኣህጉራዊ ሕግን መባእታውያን መሰላት ህዝቢታትን ሰባትን ልኡላውነት ሃገራትን ዝኽበረላ ዓለም ንምፍጣር፡ "ሕጊታት ጫካ" ንምንጋስ ዝካየድ ህቀናታት ንምግታእን ንምእላይን ኣብ ዝካየድ ሓባራዊ ቃልሲ፡ መኸተኡን ምሕዝነቱን ከሐይል ድማ ጸውዒትን ባህጊን ህዝቢን መንግስቲን ኤርትራ እዩ።





# ማህደር ጀጋኑ

ሽሞንዲ ዑቕባሚካኤል

## ካብ ጀዛን ክሳብ ዓረዛን ግዝግዛን

መበል 25 ክፋል

ኣብ ዓንቀጽ መበል 24 ክፋል ናይዚ ኣርእስቲ፡ ተሓጋጋዚ ጠቕላሊ ሓለቓ ስታፍ ግንባር ናቕፋ፡ ንምትእኽኻብ ግዜፍ ሓይሊ ጸላኢ ኣብ ከበቢ ማስሓሊትን ሓደሽንቱን ኣብ ግምት ብምእታው፡ ኣፍዓበት ንግሆ 19 መጋቢት ክትታሓዝ ከም ዝግባእ ብድሮኡ ናብ ኣዘዝቲ ሓሙሽተ ክፍላተሰራዊት ህጹጽ መልእኽቲ ከም ዘመሓላለፈ፣ ኣብቲ ዝተደልየ ግዜ ኣፍዓበት ድሕሪ ምሕራራ ድማ፡ ክፍለሰራዊት 61 ነቲ ኣብ ክሳድ ማስሓሊት ኮይኑ ዝሰኽል ዝነበረ ብርጌዳት 52 ንምርዳእ ቀጥታ ብኢጋር ናብ ማስሓሊት ከም ዝተጓዕዘ፣ እቲ መንገዲ ብሰራዊትን ተሽከርከርትን ጸላኢ ስለ ዝመልአ - ነተን ሓይልታት ምድንጓይ እኳ እንተፈጠረለን፡ ድሕሪ 24 ሰዓታት ግን ኣብ ቦታ ፍጻመ በጺሐን ቦታ ክፍለሰራዊት 52 ክትክኣ ከም ዝጀመራ ተረኺቡ። መቐጸልታ ናቱ እንሆ፦

ኣብ ዕለት 21፡ ሩባሁኮፍ እውን ናይ ጉዕ ርእሱ ዝተፈልየ ፍጻመታትን ምስልን ሐዙ ወዓለ። እቶም ሰናጭሮ፡ ሩባታትን ጎቦታትን ኣንፈቱ ዘጥፍአ ሰራዊት ተዘሪኡዎም እዩ። ብፍላይ ካብ ጠሊ ዘለዎ ሑጻ ክሳብ ማይ ዘለዎ ሩባ ብዘሊ ወተሃደራትን ሲቪል ሰድራቤታቶምን ኮፍ ስለ ዝበሉዎ፡ ንተጋዳላይ ብገጽል ተንቀሳቒስካ ማይ ንምምጻእ ዝኻኣል ኣይነበረን። ለይቲ፡ ኣብቲ በረኻ ብኽያት ህጻናት ክሰማዕ ይሓድር። ብፍላይ ኣብዚ መጻልቲዚኣ ኸኣ፡ እንክላይ ዘይንበር ምንቅስቓስ ናይ ነፈርቲ ተራእዩ። ማለት፡ ብዘይካ ምንቅስቓስ ናይ ነፈርቲ ውግኡ ቀጺሉ ምዝንባይ ናይ ኣንተኖቭ (ዓይኑ ኣፋራት) እውን ወዓለ። ብመሰረት ናይ'ቲ ምንቅስቓስ'ቲ፡ ምስ ኢጋር ሰራዊት ርክብት ይገብራ ከም ዝነበራ ኑቶም ተጋደልቲ ምስጢር ኣይነበረን። ነቲ ዝግበር ዝነበረ ርክብት ንምጥላፍ፡ (ንምስማዕ) እውን እቶም ኣፕሬይተራት ተጋደልቲ በዞን ዝነበሮም ራድዮታት ርክብ ፒ.ኣ.ርሲ-77 ሃሰስ ክብሉወን ፈተኑ።

ኣብቲ መጀመርታ ማስመር (ፍራንኪ) እናለዋወጠ ኒታ ኣንተኖቭ ንምርካብ ክከራኸር ዝጀመረ ተጋዳላይ ተስፉይ (ወዲ ርሻን) እዩ። ንሱ ምስ ተሓለለ ሽሞንዲ ዑቕባሚካኤል (ጸሓፊ ናይ'ዚ ዛንታ) ኒቲ ፈተነ ቀጸሎ'ሞ ድሕሪ ናይ ሐደት ካልኢታት ፈተነ ተማሳለለ።

ሽሞንዲ፡ ኒታ ኣብ ኣንተኖቭ ኣፋራትን ኣብ መሬትን ኮይናም ዝረዳድኦኣ ዝነበሩ ፈራንኪ ክረኽብ ኸሎ፡ ብቑጻምነት፡ ኣብ ክንዲ ፍረ ዘለዎ ዘረባ፡ ሽሽታ ዘይብሉ ጸጥ ዝበለ ኣየራዊ ማዕበል ስለ ዝሰምዕ ጸንሐ። ኩሉ ግዜ ኣየራዊ ማዕበል ንጹረ እንተዘይብሉ፡ እታ ራድዮ-ርክብ ንሶማ፡ እትህቦ መልሱግብሪ ሽሽታ ዝዩብሉ ረሻሽ ድምጺ እዩ ዝኸውን። ሽዑ ኣብ እዚኤ ሽሞንዲ ዝጽሕ ዝነበረ ድምጺ፡ ግን፡ ልክዕ ከምቲ ካብ ቀረባ ርሑቀት ዝሰማዕ ፈነወ ራድዮ ኤፍኤም፡ ናይቲ ክዘረብ ዝጀመረ ጎራዕ ድምጺ ወገን ጸላኢ፡ ንጹር ፍረ ቁምነገሩ ብቛንቋ ኣምሓርኛ ከማሓላልፍ ተሰምዐ። እቶም ዝረዳድኡ ዝነበሩ ሰባት፡ ዳርጋ ዝርርቦም ኣብ ምውዳእ እዮም ተረኺቦም። እቲ




ኣብ መሬት ኮይኑ ናይ ዝነበሮ ክቢ ሓበሬታ ዝሀብ ዝነበረ ተራኻብዩ፡ "ዛራ ማይ ዘለዎ፣ ኣቕጽልቲ ዘለዎ፣" … እናበለ ነቲ ኣብታ ኣፋራት ኮይኑ ዝሓትቶ ዝነበረ ኣካል ከረድኦ ይፍትን ነበረ። ኣብ መወዳእታ፡ እቲ ኣብታ ኣንተኖቭ ኮይኑ ዝረኽቦ ዝነበረ፡ "በል ምእንቲ እቲ ዘለኻዮ ቦታ ብልክዕ ክንጸረሉ ፍሉይ ምልክት ኣርእየኒ" በሎ። እቲ ናይ መሬት ድማ፡ "ሕራይ ተኸታተለኒ፣ ሓብሪ ጢያይት ክትተኩስ እየ" ኢሉ መለሰ። ምስ ዝኑ እቶም ዝከታተሉዎም ዝነበሩ ኣፕሬይተራት ተጋደልቲ'ውን፡ ዛ ቃል'ዚኣ ምስ ሰምዑ ነቲ ካብ መሬት (ሁፋኖን ከባቢኡን) ክዋበር ዝኽእል ምልክት ንምርኣይ ከኣቶም ናብ ከባቢኦም ኣማዕደዉ።

ግዜ ሰዓት 5፡00 ምሸት እዩ ዝነበረ። ጸሓይ ዳርጋ ክጸዋው ጎቦታት ሓልሓል ስለ ዝስተኸት መሬት ናብ ምድባው እዩ። ከም ወጽኢቱ ኸኣ ኣብ መንጎ ጎቦታት ደብርገሊፍን ቅርያምን ካብ ዘሎ ኣካል ርባሁኮፍ፡ -ፍሉይ ስሙ መፍግር- ሰለስተ ጥይት ሓብሪ ተመራሪሐን ንሰማይ ክወጽኣ ተመልከቱ። እቲ ኣብታ ኣፋራት ኮይኑ ኣብ መሬት ምልክታት ክከታተል ዝጸንሐ ተራኻብዩ ከኣ፡ "ርእየካ ኣለኹ ድሓን ሕደር!" ኢሉ መለሰ። ሽ'ሞ ድሕሪኡ እታ ኣንተኖቭ ኣብቲ ከባቢ ምሽላል ኣቋሪጻ ናብ ኣስመራ ገጻ ተዓዝረት።

እቶም ኣፕሬይተራት ተጋደልቲ ድማ፡ ኣብ ከባቢ'ቲ ሓብሪ ጢያይት ዝተተኮሰሉ ቦታ (ኣብ መፍግር) ኣገደስቲ መኮናት ሰርዓት ደርግ ክህልዉ ከም ዝኽእሉ ብምግማት፡ ጸብጻብ ናይቲ ፍጻመ ቀጥታ ንዝምልከቶም ሓለፍቲ ከም ዘውሃብ ገበሩ። በዚን ወዲ ኸምዚኑ ሓለፍቲ ናይቶን ኣብቲ ቦታ ዝነበራ ክፍልታት ክፍለሰራዊት፡ ኒታ ድሮ ካብ ማስሓሊት ተበጊሳ ዝተባህለት ቦጦሎኒ 2-45 ቀልጢፉ ናብ ሁፋኖ ክትኣቱ ልዑል ትጽቢት ይገብሩላ ነበሩ።

እታ ቦጦሎኒ ማካሲኸሊ ማስመር ጎቦታት ኣሙላት ኣብ 21 መጋቢት ንግሆ ኣረኪባ ብዘይ ዕረፍቲ ናብ ሁፋኖ ክትጓዓዝ ከላ፡ ኣብ ሰናጭሮ ኢትጥሓል፡ እትዓንደለትን ጉሓፍን ሰለይ እናበሉ ዝዋዕዙ ወተሃደራት የጋጥምዎ ነበሩ።

ክሳድ ማስሓሊት ድሕሪ ምዕጻዉ ዝሞተ እናሞተ፡ ዝሰረረ ድማ ዘርጡበጡብ እናበለ ብእግሪ ተጓዒዙ ካብ ከቦ ክወጽእ ዝፍትን

ዝነበረ ሰራዊት ደርግ፡ ብርባ ዓውሰረይም ናብ ደብርዕጨይ ብምድያብ ናብ ኣዝረቕት (ርባዓንሰቡ።) ብርባ ኢትጥሓል ኣቢሉ ናብ ክሳውዲ እንስ፡ ዓንዖምቦሳን ጀጊሩን ደይቡ ናብ ዓድታት ሰኩና። ንርባ ሁፋኖ ተኸቲሉ ናብ ገርበት ወጺኡ፡ ብኡ ኣቢሉ ናብ ደብረሲና-ዕላበርዕድ። ካብ ኣፍዓበት ብርባ ላቦካ ኣቢሉ ናብ ሰሜናዊ ባሕሪ ይጓዕዝ ነበረ።

ቦጦሎኒ ክልተ እምባኣር፡ ነቲ ብርባ ሁፋኖ ኣቢሉ ክሃድም ዝፈተነ'ሞ፡ ኣብ ጉምጉም ጎቦታት ገርበት ምስ በጽሐ ግን ብዞባዊ ሰራዊት ንድሕሪት ተጸፍዑ ኣብ መንገዲ ሕልናኡ ዓሪቡዎ ንዘዘብታተነ ጸላኢ ናይ ቀረም ስራሕ ንምፍጻም እያ ናብኡ ዝተጓዕዘት። ናብ 22 መጋቢት ኣብ ዘውግሐ ለይቲ ኣብ ትዓንደለት (ላዕላይ ሩባጉሓፍ) ሓዲራ፡ ንግሆ በቡሓይልን ጋንታን ተኸፋፊላ ናይ ቀረም ስራሓ ጀመረት። እተን ናብ ርባ ሁፋኖ ዝተመደባ ሓይልታት ተሰሪዐን ሰዓት ሸድሽተ ንግሆ ኣብ ወሰን ናይቲ መሓዝ ክበጽሓ ኸለዋ፡ ድሮ ኣባላት መኻርዕ ሰሊያን ሃንደሳን ቀዲመንኣን ኣብቲ ቦታ ምቕራም ወተሃደራት ጀሚረን ነበራ።

ማዕረማዕረ'ዚ ፍጻመታት'ዚ ልክዕ ኣብ ተመሳሳሊ ሰዓት ኸኣ ነቲ መሓዝን ሰናጭሮን ዘናወጹ ተጉተጉተግ! … ድምጺ ሄሊኮፕተራት ተሰምዐ። ኩሉ ተጋዳላይ ከኣ ምናልባት'ውን እንክላይ'ቶም ተብታቲኖም ኣብቲ ከባቢ ዝነበሩ ወተሃደራት ንሰማይ ኣንቃዕረሩ። ሽቡ፡ ክልተ ድቕቕ ዝበላ ዓይነት ናይ ውግእ ሄሊኮፕተራት ተራእያ። ግን ንኣተን ብራኸ ስለ ዝበረን እቲ ዝሰማዕ ዝነበረ ድምጺ ካብኣተን ዝተለቀ ይመስል ስለ ዝነበረ፡ ንተዓዘብቲ ዝተጋገ እቲ ድምጺ ዝተጋገ ኮይኑ ተሰምዖም። ልክዕ'ቱ ንምርግጋጽ ንኸብሉ'ኦም ብዘየገኡ ክቈጻጸሩ በዊንቶም ምስ ኩሉኦም ኸኣ እቲ ሓቂ ተጋሃረ። ለካ ክልተ ተወሰኽቲ ሄሊኮፕተራት ናብ መሬት ለጠቕ ኢለን የሽርክራ ነይረን እየን።

እተን ብስጠቕታ ዝበርራ ዝነበራ ተወሰኽቲ ሄሊኮፕተራት፡ ፍርይ ዝበላ ዓይነት ኮይነን፡ ብወገን ገርበት መጺአን፡ ብኽሳድ እትሕዮተት ናብ ኣሰቃቕ

ተኣቑተን ንርባ ሁፋኖ ልክዕ ኣንፈት ኣፋሰሱኡ ተኸቲለን ተመራሪሐን ነቲ ኣቕጽልቲ ዓዲ እናሸበባኦ ናብ ደብር ገሊፍ ገጸን ይግስግሳ ነበራ። ማዕረ-ማዕረ ከምዚ ዝበለ ትርኢት፡ እቶም ዝተብታተኑ ወተሃደራትን ሲቪል ቀልዓሰበይትን ንኸየልብሎም ብዘሰፉ እናተመዩ፡ ጸዕዳ ጨርቂ እናንበልበሉ ኣመልከቱለን። ገሊኦም'ውን ናብቲ ዝበርራሉ ዝነበራ ኣንፈት ሐዙም ክሰዕብወን ተጓየዩ። እታን ሄሊኮፕተራት ልክዕ ኣብታ ፍሉይ ስማ ኣሰዊት ዝተባህለት ቦታ ክበጽሓ ከለዋ'ውን ካብተን ኣብቲ ከባቢ ንቕርም ዝተዋፈራ ሓይልታት ቦጦሎኒ ክልተ፡ ሰሊያን ሃንደሳን ጻዕቂ ዘለዎ ናይ ደቂቕ ብረት ጢያይት ተተኩሰለን። ከም ወጽኢቱ ኸኣ ሓንቲ ኻብተን ክልተ ጥቕላል ትካብ ባልባልታ ሓውን ከተወጽእ ተራእየት። እናተቓጸለ ንቐሩብ ርሕቀት ድሕሪ ምኻዳውን ኣብ ሑጻ ሁፋኖ፡ መፍግር ኣብ ዝተባህለት ፍሉይ ስም ቦታ ምስ ቃጸሎኣ ዓለበት። እታ ዘይተሃርመት ካልኣይታ'ውን ኣብ ጥቓ'ታ እትቃጸል ዝነበረት ኮፍ በለት። እተን ክልተ ኻልኦት ሄሊኮፕተራት ድማ ኣብ ዙርያ ናይተን ዝዓለባ ማሸንጋን ተጠቒመን ኣጸዒቐን ተኩሳ። ድሕሪ ሐደት ደቓይቕ ድማ፡ እታ ዘይተሃርመት ብጥዕይታ ኣብ ጎድኒ'ታ ዝተቓጸለት ዝዓለበት ሄሊኮፕተር፡ እቶም ናብኣ ገጾም ዝጎየዩ ዝነበሩ ተጋደልቲ ከየርከብዋ ካብ መሬት ተንሲኣ በረረት።

እዚ ፍጻመታት'ዚ ኣብ ቅድሚ ዓይኒ ጸሓፊ ዝተፈጸመ እዩ። እታ ኣብ መሬት ዓሊባ ቅሩብ ጸኒሓ ዝበረረት ሄሊኮፕተር እንታይ ዕማም ኣሰላሲላ ከም ዝኸደት ግን ድሒሩ እዩ ዝተቓልዐ። እተን ሰለስተ ሄሊኮፕተራት ናብ ኣስመራ ገጸን በረረን ድሕሪ ምምላሰን፡ እቶም ተጋደልቲ ተጓየዮም ኣብታ ዝተቓጸለት ሄሊኮፕተር በጽሑ። ኣብቲ ቦታ ኸኣ ተሰኩ ቀረጸም ኮፍ ኢሎም ዝጸበዩ ወተሃደራት ጸንሑዎም። ዝኣቶም ኣብ ትሕቲ ቀጽጽር ምስ ኣውዓሉዎም ብዝዕበ'ቲ ቅድሚ ሐደት ደቓይቕ ኣብቲ ቦታ ዝተፈጠረ ክስተት ተወከሱዎም። እቶም ምሩኻት ድማ ነዚ ዝስዕብ ሓቂ ገለጹ፦

መጀመርታ፡ ኣብቲ ቦታ፡ -ኣብ መፍግር- ትሽዓተ ሶቬታውያን ወተሃደራዊ ኣማኸርቲ ሰርዓት ደርግ ምስኣቶም ሓቢሮም ከም ዝቖዩን እታ

ዓሊባ ዝተንስኣት ሄሊኮፕተር'ውን ንዕኣቶም ኣልዒላ ከም ዝበረረት ኣረጋገጹ። ንኣቶም ምስኣቶም ሓቢሮም ንኽሸዱ ፈቲኖም'ኳ እንተ ነበሩ፡ ግን እቶም ምስ'ታ ሄሊኮፕተር ዝመጽኡ ጋርድታት ጸዓዱ ኣፈሙዝ ኣቕኒዖም ናብታ ሄሊኮፕተር ገጾም ንኸይቀርቡ ዓገቱዎም።

ድሕሪ'ዚ ስርሒት'ዚ ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳይ ሕብረት ሶቬት ብዕብዩ'ዘም ዜጋታቱ መግለጺ ኣውጺኡ'ሞ፡ ካብ ጠቕላላ 13 ኣብቲ ግንባር ተሰሊፎም ዝነበሩ ወተሃደራዊ ክኢላታት፡ ሰለስተ ብህዝባዊ ግንባር ኣብ ኣፍዓበት ከም ዝተማረኹዎ፡ ሓደ ከም ዝሞተን ዝተረፉ ግን ብሰላም ከም ዝወጽኡን ተኣመነ። ብዝወሰኸ፡ ስርሒት ምድምሳስ እዚ ናደው ተራ ስርሒት ከም ዘይነበረ፡ ተመራመርቲ ወተሃደራዊ ታሪኽን ጸሓፍትን ኣብ ማዕከናት ዜናን ካልእ መራኸቢ ብዙሓትን ወጺኦም ከድንቑ ተሰምዑ። ደራሲን ተመራማሪ ታሪኽን እንግሊዛዊ ባሲል ዳቪድሰን፡ "ብደረጃ ሓርነታዊ ምንቅስቓሳት ኣብ ዝሓለፈ ሳላሳ ዓመታት እቲ ዝዓበየ ዓወት" ክብል ንስርሒት ምድምሳስ እዚ ናደው ገሊጹዎ።

ድሒሩ ኣብ 2005 ብ Michela Wrong ዝተባህለት ካብ እንግሊዝን ጥልያንን እትውለድ ጸሓፊት I didn't do it for you - ንታሪኽ ኤርትራ ክድህስስ ዝፍትን መጽሓፋ'ውን "where are our socks" ዝብል ንኡስ ኣርእስቲ ሂባ ንስርሒት ናደው እዝ ኣልዒላ ዘትያ ኣላ። እቲ ኑቶም ትሽዓተ ኣብ ሩባሁኮፍ ተኸርዲኖም ዝነበሩ ሶቬታውያን ንምውጻእ ዝተኻየደ ስርሒት ከኣ ህንደሳኡ ኣብ ክረምሊን ምንባሩ ትገልጽ። እቲ ናይ ፓራሹትን ምሕንባስን ታዕሊም ዝወሰደ ፍሉይ ናይ ህይወት ኣድሕን ኣሃዱ፡ ብፍሉያት ነፈርቲ ተጠቒሙ ናብ ኣዲስ ኣበባ፡ ካብኡ ናብ ኣስመራ ከም ዝበረረ፣ ኣብ መወዳእታ ኸኣ እቲ ጉጅለ ናብ ቦታ ፍጻመ ኣትዩ ኑቶም ሶቬታውያን ከም ዘልዓሎም፣ ኣብቲ ስርሒት ንዝተሳተፈ ሶቬታዊ መኮንን ባዕላ ረኺባ ቃሉ ምስከርነቱ ኣብ መጽሓፋ ኣስፊራቶ ንረኽቦ። እቲ መኮንን ንኣፈጻጽማ ናይቲ ስርሒት ኣመልኪቱ ዝሃቦ መግለጺ፡ ካብ'ቲ ኣብ ላዕሊ ብስእበ ውዕሎ ተጋደልቲ ተገለጹ ዘሎ ዝፍለ ነገር የብሉን።

ይቕጽል



22 መጋቢት 1988 ብፊኮስ ብረት ኣብ ሩባ - ሁፋኖ ዝወደቐት ሄሊኮፕተር ጸላኢ.



# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ልዑል ዓቐን ስብሒ ኣብ ደም - hyperlipidemia

ልዑል ዓቐን ስብሒ (lipids) ኣብ ደም፡ ብሕክምናዊ ኣጸዋውዓ 'ሃይፐርሊፒደምያ' (hyperlipidemia) እዩ ዝበሃል። እዚ ንኮለስትሮል ከምኡ'ውን 'ትሪግሊሰሪድ' (triglyceride) የጠቓልል። እዚ ጸገም'ዚ ብዘወርሶ ዝሓልፍ'ኳ እንተኾነ፡ ብኹነታት ኣካብብራና/ኣመጋግባናን ውሑድ ብምውስዋስናን ይስዕብ።

**'ሊፒደስ' እንታይ እዮም?**

'ሊፒዳስ' ኣብ ኣካላትና ዝርከብ ዓይነት ስብሒ እዩ። ኩሉም ዓይነት ስብሒ ጸዓት ናይ ምፍጣር ዓቕሞም ልዑል እዩ። ካብ ሓደ ግራም ስብሒ 9 ካሎሪ ክርከብ እንከሎ፡ ካብ ሓደ ግራም ካርቦሃይድሬት ወይ ፕሮቲን ዝርከብ ካሎሪ ግን፡ ካብ 4 ኣይሓልፍን እዩ።

ስቡሓዊ መግብታት ንሰብነትና ዝለዓለ ጸዓት እዮም ዝህብዎ። መብዛሕትኦም እቶም ኣብ መግቢ ዝርከቡ ስብሒ 'ትሪግሊሰሪድ' (triglyceride) – ወህደት ናይ ሰለስተ ስቡሓዊ ኣሲድ ወይ ደማ 'ግሊሰሮል' (glycerol) - ቅብኣዊ ኣልኮል ትሕዝቶ ዘለዎም እዮም።

'ትሪግሊሰሪድ' ኣብ ቀጢን መዓንጣ ምስ በጽሐ፡ ናብ ዝተዓቐቐ ስቡሓዊ ኣሲድ ይቐየሩ። ብቐጢን መዓንጣ ምስ ተመጽዩ ደማ ቫይታሚን 'ኤ'፡ 'ዲ'፡ 'ኢ' ከምኡ'ውን 'ኬይ' ንምፍዛን ይሕግዙ።

እቲ ኣገዳሲ ልሙድ ዓይነት 'ሃይፐርሊፒደምያ' ልዑል ኮለስትሮል እዩ።

ኮለስትሮል ሰብነትና ብተፈጥሮ ዘፍርዮ ሰምዓዊ ሳብስታንስ እዩ። ኣብ ገለ መግብታት እውን ይርከብ እዩ። ሰብነትና ሆርሞን ከፍርን መግቢ ክሕቅቕን ናይ ግድን ኮለስትሮል የድልዮ።


ክልተ ዓይነት ኮለስትሮል እዮም ዘለዉ።

ልዑል ጻዕቂ ዘለዎ 'ሊፖፕሮቲን' (HDL)፦ እዚ ዓይነት፡ ኑዩም ሓደገኛ ዓይነት ኮሌትሮል ኣብ ምውጻእ/ምምጻይ ስለ ዝሕግዝ፡ 'ጽቡቕ/ጠቓሚ ኮሌስትሮል' ተባሂሉ ይግለጽ።

ትሑት ጻዕቂ ዘለዎ 'ሊፖፕሮቲን' (LDL)፦ እዚ ኣብ ሻምብቆታት ደም ተኣሒጉ ምጽባብ ስለ ዝፈጥር፡ 'ሓደገኛ ዓይነት ኮሌትሮል' ተባሂሉ እዩ ዝግለጽ።

ኩሉም ዓይነት ስብሒ፡ ኣብ ሰብነትና ጥቕሚ ኣለዎም። ካብ ዓቐን ንላዕሊ ምስ ዝኸዱ ግን ንዘተፈላለዩ ጥዕናዊ ጸገማት እዮም ዘቃልዑና። ሓደ ካብኡ 'ሃይፐርሊፒደምያ' እዩ።

'ሃይፐርሊፒደምያ' ብፍላይ ኣብዞን ዝማዕበላ ሃገራት፡ ልሙድ ጥዕናዊ ጸገም እዩ። ብደረጃ ዓለም እናወሰኸ ይኸይድ




ከም ዘሎ ደማ ጸብጻባት የምልክቱ። ኣብ ኣመሪካ፡ ልዕሊ 94 ሚልዮን ልዕሊ 20 ዓመት ዝዕድሚኦም መንእሰያት ንሃይፐርሊፒደምያ' ዝተቓልዑ እዮም።

'ሃይፐርሊፒደምያ' ክፍወስ ዝኽእል ጥዕናዊ ጸገም'ኳ እንተኾነ፡ ሸለል ምስ እትብሎ ግን፡ ጠንቂ ኣዝዮም ቀተልቲ ሕማም እዩ ዝኾነ።

ሕማም 'ሃይፐርሊፒደምያ' ኣማዕቢሉ ክሱ ብኢጋኡ ክፍወሶ ዘይክእለ ግዳይ፡ ብሕማም ሻምብቆ ኣርተሪ ክጥቃዕ ዘለዎ ተኽእሎ ብዕጽፊ ዝዐዘደ እዩ። እዚ ጸረሑ ናብ መጥቃዕቲ ልቢ፡ ወቐዒን ናብ ካልኦት ሕማማት ልብን እዩ ዝምዕብል።

ጠንቅን ተኣፋፍትን 'ሃይፐርሊፒደምያ'

'ሃይፐርሊፒደምያ'፡ ኣብ ሰብነትና ዘይተመጣጠነ ዓቐን ኮሌስትሮል ኣብ ደም ክምዝሎ ዘመልክት ሕማም እዩ። ኣብ ደምና ልዑል ዓቐን 'LDL' ኮሌስትሮል ሃሊዩ፡ ብኣንጻሩ ንዓኡ ንምእላይ ዝጥፍ ትሑት ዓቐን 'HDL' ኮሌስትሮል ምስ ዝህሉ 'ሃይፐርሊፒደምያ' ኪጋጥመና ንክር እዩ።

'ሃይፐርሊፒደምያ' ኣብ ክልተ ኣገደስቲ ክፍልታት ይምቀል - ስድራቤታውን ባዕልና እተምጽኦን። እቲ ስድራቤታዊ ዓይነት ብ'ጂን' ካብ ስድራኻ ትወርሶ እዩ። እቲ ካልኣይ ደማ፡ ብሰንኪ ጥዕና ዘይህቡ ኣካይዳ ምዘውታር፡ ብእትጉብሮ ሕክናዊ ፍወሱ ኩነታት ኣካብራ. . . ወዘተ ክመጽኣካ ዝኽእል እዩ።

ጠንቂ 'ሃይፐርሊፒደምያ' ዝኾኑ ኩነታት ኣካብራ

ባዕልና ብእዘዘውትሮ ኩነታት ኣካብራ፡ ኣብ ሰብነትና ዘይተመጣጠነ ዓቐን ኮሌስትሮል ከምዝህሉ ይገብር እዩ። ኣብ ደምና ልዑል ዓቐን 'LDL' ኮሌትሮል፡ ብኣንጻሩ ትሑት ዓቐን 'HDL' ኮሌትሮል ክህሉ ካብ ዝገብሩ ዓይነት ኣካብራ፦

ዘይተመጣጠነ መግቢ ምምጋብ፡

እኹል ምውስዋስ ኣካላት ዘይምዝውታር፡

ምትካኽ ሽጋራ፡ ወይ ምስ ዘትኽኹ ሽጋራ ብምቅራብ ልኡም ኣትካኺ ምዃን፡

ምኽሳዕ ወይ ልዕሊ ንብር ክብደት ምውናን፡

ግዙእ ኣልኮላዊ መስተ ምዃን እዮም።

ንሃይፐርሊፒደምያ' ዘቃልዑ ሕማማት

ገለ ዓይነት ሕማማት፡ ኣብ ደምና ልዑል ዓቐን ኮሌስትሮል ንኽህሉ የቃልዑና እዮም።

ሕማም ኩሊት፡

ሕማም ሽኮር፡

ሕማም ጸላም ከብዲ. . . ወዘተ።

ንሃይፐርሊፒደምያ' ዘጋድዱ ዓይነት መድሃኒት

ኣብ ደምና ዘሎ ኮሌስትሮል ብገለ ዓይነታት መድሃኒት ይጸሉ እዩ። ንመከላኸሊ ጥንሲ ተባሂሉ ዝወሰድ መድሃኒታት - ከም ኣብነት ክጥቀስ ይከኣል።

ብስድራቤት ዝመጽእ 'ሃይፐርሊፒደምያ'

ብስድራቤት ዝመጽእ 'ሃይፐርሊፒደምያ'፡ እቲ ግዳይ ገና ኣብ ንኡስ ዕድሚኡ እዩ ምልክታት ከርኢ ዝጅምር። እቲ ግዳይ ገና ኮተቴ እንከሎ፡ እዞም ዝስዕቡ ምልክታት ከርኢ ንብር እዩ።

ቃንዛ ኣፍልቢ፡

ወቕዒ ልቢ፡

ቃንዛ ጭዋዳ ብፍላይ ብእግሪ ኣብ ምጉዓዝ፡

ተደጋጋሚ ምቑሳል ኣብ ኣጻብዕቲ።

ምልክታት 'ሃይፐርሊፒደምያ'

'ሃይፐርሊፒደምያ'፡ ኣዝዩ ማዕቢሉ ጠንቂ ሕማማት ልብን ወቕዕን ክሳብ ዝኸውን፡ ምልክታቱ ብኢጋኡ ከተለልዮ ኣሸጋሪ እዩ። ቀጻሊ ሕክምናዊ መርመራታት ብምኽያድ ኩነታት ጥዕናና ንከታተል እንተኽኢልና ግን፡ በዚ ሕማም'ዚ ክንጥቃዕ ዘለና ተኽእሎ ዝተሓተ እዩ።

ኣብ ደምና ዘሎ ዓቐን ኮሌስትሮል ንምፍላጥ ዝሕግዝ ዝቐለለ ሕክምናዊ ኣገባብ፡ መርመራ ደም ምግባር እዩ።

ኣብ ደምና ዘሎ ዓቐን ኮሌስትሮል፡ ልዕሊ 240 ሚሊ. ግራም ኣብ ደሲሊትር (mg/dL) እንተኾይኑ፡ ልዑል ዓቐን ኮሌስትሮል ኣለና ይበሃል። እቲ ዓቐን 200 ሚሊ. ግራም ኣብ ደሲሊትር እንተኾይኑ፡ ኣብ ተኣፋፊ ደረጃ ከም ዘለና እዩ ዘመልክት።

ፍወሳ

ንጥዕና ልቢ ኣገደስቲ ዝኾኑ መግብታት ምምጋብ፡ ሓደ ካብቲ ዝበለጸን ቀዳማይ ዝኸሪዕ ፍወሳ 'ሃይፐርሊፒደምያ' እዩ። ኣብ ኣመጋግባ ግቡእ ኣደሃቦ ምስ እንገብር፡ ኣብ ደምና ዘሎ ዓቐን ኮሌስትሮል ምዕሩይ ክኸውን ይሕግዘና እዩ።

* ጥዕና ኣብ ዘለዎ ዓይነት ስብሒ ምጉዳል፦ ዝተቐበበ ስብሒ (saturated fats) ካብ ምምጋብ ምቑጣብ፡ እዚ ዓይነት ስብሒ ኣብ ስጋ፡ ጸባን ወጽኢት ጸባን ይርከብ። ልዕሊ ዓቐን ዝተቐበበ ስብሒ ምውሳድ ንኮሌስትሮል፡ ጸቕጢ ደምን ሕማማት ልብን የቃልዕ። ኣብ ክንዳኡ ካብ ሳልሞን ዓይነት ዓሳ፡ ካብ ዘይቲ ዕፉን፡ ዘይቲ ሰፍ፡ ዘይቲ ኣወሊዕ. . . ወዘተ ዝርከብ ስብሒ ክንጥቀም ይከኣል።

* ኣሲጋሪ ስብሒ (Trans fats) ካብ ምውሳድ ምቑጣብ፦ እዚ ዓይነት ስብሒ ኣብ ቁርሲ ኣብ ዝወሰዱ ከም ኬክ፡ በሽኮቲን ዝተጠበሱ መግብታትን ይርከብ። ኣብ እንወስዶ ዕሹግ መግቢ 'ሃይድሮጂኔትድ' (hydrogenated) ዝብል ጽሑፍ ምስ እንረክብ፡ ኣሲጋሪ ስብሒ ኣለዎ ማለት እዩ። እዚ ዓይነት ስብሒ ልክዕ ከም ዝተቐበበ ስብሒ ኮሌስትሮልን ሕማማት ልብን የኸትል።

* ብ'ኦሜጋ-3' ዝተባህለ ስቡሓዊ ኣሲድ ዝሃብተሙ መግብታት ምምጋብ፦ እዚ ዓይነት ስብሒ'ዚ ኣብ ዓሳ፡ ዘይቲ ሰምሰም፡ ኣብ ፉል ወዘተ ንረክቦ።

* እንወስዶ ጽሕጊ (fiber) ምውሳኽ፦ ኩሉም ዓይነት ጽሕጊ ንጥዕና ልቢ ኣገደስቲ እዮም።

**እንወስዶ መጠን ስብሒ ብኸመይ ንቆጻጸሮ?**

ካብ ስብሒ ንረኽቦ ካሎሪ፡ ካብቲ ኣካላትና ዘድልዮ ካሎሪ ኑቲ ትሕቲ 30 ሚእታዊት ጥራይ ዝሸፍን ክኸውን ኣለዎ። ልዕሊ'ዚ ዓቐን ካብ ስብሒ ካሎሪ ኣካላትና ምስ ዝረክብ ንጥዕናና ጉዳኢ ክኸውን ይኽእል እዩ።

ስለዚ፦

=> መግብታት ብቅብኣት/ዘይቲ ቁሊኻ ካብ ክትምገብ፡ ሰንኪቲትካ፡ ጠጢቕካ ወይ ኣብሲልካ ክትወስዶም ከም ዝምረጽ ኣስተብህል።

=> ናይ ግድን ብዘይቲ ቁሊኻ ክትምገቦም ዝግበኣካ ምስ ዝኾኑ፡ ኣብቲ ንመቐለዊ እትጥቀመሉ ዘይቲ ቆላሕታ ክትገብር የድሊ። ዘይቲ ደማ (palm oil) ዝኣመሰሉ ዝተቐበበ ስብሒ ዘለዎም ዓይነት ዘይቲ ክትጥቀም ኣይግባእን።

=> ኑቲ ዝቐለኻዮ መግቢ ቅድሚ ናብ መኣዲ ምቕራብካ ኑቲ ዘይቲ ከተዛፍዝፎ የድሊ።

=> ኑቲ ስጋ ቅድሚ ምቕላውካ፡ ኑቲ ዘለዎ ስብሒ ክትኣልዮ ይምረጽ።

=> ዕሹግ መግቢ ትጥቀም እንተለኻ፡ ኣብቲ መዐሸጊኡ ዝርከብ ትሕዞ ናይቲ መግቢ ብጥንቃቐ ከተንብቦ፡ ልዑል ስብሒ ዘለዎ ምስ ዝኸውን ካብ ምምጋቡ ክትቁጠብ ይምረጽ።

=> ብፍላይ ኣብ ግዜ ቁርሲ፡ ልዑል ስብሒ ዘለዎም መግብታት ካብ ምውሳድ ተቖጠብ፡ ዝተቐልወ ደንሽ፡ ኬክ፡ ቾኮላታ. . . ወዘተ ዝኣመሰሉ መግብታት ክትወስድ ኣይምከርን። ኣሕምልትን ፍረታትን ምምጋብ እቲ ዝበለጸ እዩ።

**ዓቐን እንወስዶ መጠን ስብሒ ብኸመይ ንልክዖ?**

* መዓልታዊ ካብ ስብሒ ናይ እትረኽቦ ዝለዓቐለ ዓቐን ካሎሪ ንምልካዕ፦

ኑቲ መዓልታዊ ዝወሰድካዮ ካሎሪ ብ30 ሚእታዊት ኣርብሖ። ኣብ ሓደ ግራም ዝርከብ ካሎሪ ንምልካዕ ድማ፡ ኑቲ ወጽኢት ብ9 ምቐሎ።

ንኣብነት ሓደ 2,800 ካሎሪ ኣብ መዓልቲ ዝወስድ ንጡፍ መንእሰይ፡ ኣብ መዓልቲ ክወስዶ ናይ ዝኽእል ዓቐን ስብሒ ብካሎሪ 840 ይኸውን (2800 x 30%)። ክወስዶ ናይ ዝኽእል ዓቐን ካሎሪ ካብ ስብሒ፡ ካብ 840 ክዘይድ የብሉን። እዚ ማለት፡ ኣብ መዓልቲ ካብ 93 ግራም ንላዕሊ ስብሒ ክወስድ ኣይግባእን ማለት እዩ።

ምንጪ፦ mayoclinic



### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
| --- | --- |
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | መደብ ባሕቲ መስከረም |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ሄሎ ደባይዋ (ቀጥታ) |
| 15:30 | መደብ ባሕቲ መስከረም |
| 16:00 | ሞዛይክ 1ይ ክፋል |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፌ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ሞዛይክ 2ይ ክፋል |
| 19:30 | እትመት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | መደብ ባሕቲ መስከረም |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | መደብ ባሕቲ መስከረም |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ደርፌ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | እንዳ ዝማም |

# ሕብራዊት ብርዒ

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

## ንውድቀት ብሽመይ ንርእዮ

ኣብ ቅልስ ክልተ ዕድላት'የን ዘለዋ፡ ንስተን ከኣ ዓወት ወይ ውድቀት እየን፡፡ ኩሉም ኣብ ጥርዚ ናይ ዓወት ዝበጽሑ ሰባት'ከ ከይወደቑ ደየም ኣብ'ቲ ደረጃ ክበጽሑ ክኢሎም? ኩላትና ደቂ ሰብ ክንዕወት ኢና ንደሊ፣ ሕልምታትና ክንጭበጦ'ውን ወትሩ ሒኹ ምስ በልና ኢና፡፡ ዝያም ሕልምታት ኣብ ምጭባጥ ውድቀት ኣብ ዘጋጥመና ግዜ ግን ተስፋ ብምቑራጽ ነቲ ዕማም ኰርዩ ዋላ'ውን እንተ ሰራሕና ብምሉእ ልብና ክንሰርሕ ንጽገም፡፡ መብዝሕትና



ኣብ ውድቀት (Failure) ኣሉታዊ ኣመለኻኽታ'ዩ ዘለና፡፡ ኩሉ ሰብ ኣብ ስርሑ ዘይዕወት ምስ ዝኸውን፥ ምስ ሕመቕ ወይ ሰንፍና ኑተኣሳስሮ፡፡ እዚ ደዩ ግን እቲ ሓቂ? ውድቀት ብቐሊል ዝበለ ኣገላልጻ ሓደ ኩነት ኮይኑ፥ ንዝደለኻዮ ወይ ዝመደብካዮ ዕላማ ክትጭብጥ ዘይምኽኣል'ዩ፡፡

እቲ ዝወደቐ ሰብ ብዙሕ ተመኩሮን ፍልጠትን ይድለቦ፡፡ምኽንያቱ፥ሓደ ሰብ ኣነ ምሉእ ሰብ'የ ዝብል እንተ ኾይኑ፥ ክምዕብል ዘሎ ተኽእሎ ኣገዳሲ ድሩት'ዩ፡፡ እቲ ብውድቀታቱ ከይተሰናበደ ብቐጻሊ ዝፍትን ሰብ ግና ካብ ውድቀቱ ብዙሕ ተመኩሮ ስለ ዝድልቦ ብሉጽ ምዕባለ ከመዝግብ ኣይጸገምን፡፡ ውድቀት እምበኣር፥ ሓደ ካብ ቀንዲ ባህርያት ዕዉታት ሰባት'ዩ፡፡ ዕዉታት ሰባት ኣብ ውድቀት ዘለዎም ኣረኣእያን ርድኢትን ካብ ናይ መብዛሕትኡ ሰብ ዝተፈልየ'ዩ፡፡

ቶማስ ኤድሰን፥ "ንበሲ ወከፍ ውድቀት ወይ ዘይዕወት ፈተነ፥ ሓደ ስጉምቲ ንቕድሚት እየ ተሰጒመ፡፡" ክብል ኣብ ውድቀት ዘለዎ ዘይነቕነቕ መትከሉን እምነቱን የርእየና፡፡ ኣብ ውድቀት ከምዚ ዓይነት ኣጠማምታ እንተ ደኣ ኣሎና፥ ዘይንዕወተሉ መንገዲ ኣይክህሉን'ዩ፡፡ ነፍሲ-ወከፍ ውድቀት ገለ ነገር ይምህረና'ዩ፡፡ ንጉድለታትና ተዓዚብና ጥራይ ክንመሃረሉ ንፈትን፡፡ ዝበዝሐ ጌጋታት ዝፍጽም ሰብ፥ እቲ ዝበልሐ ከም ዝኸውን ጥራይ ዝዝከር፡፡ ጌጋታትና ከይንደግሞም ምጥንቃቕ ግን ኣገዳሲ'ዩ፡፡ እቲ ምንታይሲ፥ ዘይሰሉ ምምሃራውን ብሕማቕ ዘጠምተናን ስለ ዝኾነ፡፡

ስለዚ ብመጀመርያ ነቲ ኣብ ኣእምሮና ዘሎ ቃልሲ ክንስዕሮ ይግባእ፡፡ ኣብ ኣእምሮና እንተ ተሳዒርና፥ ኣብ ባይታ'ውን ከም እንስዕር ርዱእ እዩ፡፡ ስለዚ ኣብ ውሽጥና ዘሎ ቃልሲ ከይተዓወትናሉ፥ ኣብ ባይታ ምፍታን ትርጉም-ኣልቦ እዩ፡፡ ብዙሕ ግዜ ብምውዳቕይ ሰብ እንታይ ክበለኒ'ዩ ኢልካ፥ ንዘገራት ካብ ምፍታንም ኣይትሓንገድ፡፡ ሰብ ዝበለ ደብልን ክንዲ ዝወሰደ ግዜ ይውሰድን፡፡ ሓደ ግዜ ኣብ ህይወትካ ክትዕወተሉም ምኽንያት እምነት ይሃልኻ፡፡ ውድቀት ተዓንቂፍካ ሰንከልከል ትብለሉ ኩነት ኩይኑ፥ ዝያዳ ሓይልን ሞራልን ዘሰንቕ ዕድል ገይርና ክንጥምቶ ይግባእ፡፡ ውድቀታትና ንዓወት ዘምርሑና መገድታት ምኳኖም ገይርና ንወሰዶም፡፡ ውድቀት ዝያዳ ዘመሓይሸን ዘማዕብልን ኩነት ምኳኑ ንዘክር፡፡ ነዚ ርድኢት'ዚ ከማዕብል እንተ ኽኢልና ጥራይ ኢና፥ ከም እቶም ንዘኸኣ ዓይነት ሽግራት በዲሆም ዕዉታት ክኾኑ ዝኸኣሉ ውሑዳት ሰባት ዓለምና ክንኸውን እንኽእል፡፡

## ኣሚር ክሃን

ኣሚር ሑሰን ክሃን ብ14 መጋቢት 1965 ኣብ ህንዲ ተወልደ፡፡ሞያ ስነ-ጥበብ ምስ ተወሂቦ ቀጥታዊ ምትእስሳር'ዩ ዘሎዎ፡፡ ንስነ-ጥበብ ካብ ካልእ ሞያታት ዝፈልዮ ድማ፥ ኣብ ደምካ ባህሪ ክህልወካ ዝሓትት ምኳኑ'ዩ፥ ዝበል ኣተሓሳስባ ኣሎዎ፡፡ ኣብ ቦሊውድ ህንዲ ካብ ዝፈረዩ ተዋሳእቲ ብዝበለጸን'ቲ'ዩ ዝጥቀስ - ስነ-ጥበበኛ ኣሚር ክሃን፡፡ ማህረሻታ ኣብ ዝበሃል ከባቢ ከተማ ሞምባይ'ዩ ተወሊዱ ዓብዩ፡፡ ወለዱን መቓርብቱን ኣብ ዘርፊ ስነ-ጥበብ ብምንባሮም፥ ገና ኣፍ ከይጸረየ ዝጀመሮ ዕዩ፥ ስነጥበብ'ዩ፡፡ ኣቦ ኣሚር፥ ዓቢ ኣፍራዪ ፊልም ነበረ፡፡ ሓወቦኡ ናስር ክሃን ድማ፥ ተዋሳኣይ ብምንባሩ



ንኣሚር ክሃን ኣብ ልቡ ንዝነበረ ጥበብ ክንጸብርቕ ዝያዳ ሓገዞ፡፡ በዚ ኸኣ ገና ኣብ ሸሞንተ ዓመቱ ኣብ ተዋስኦ ዓለም ኣተወ፡፡ ኣብ ኣካዳምያዊ ናይ ትምህርቲ ንጥፈታቱ'ውን፥ ሰናፍ ከም ዘይነበረ ዝዘረበሉ ኣሚር ክሃን፥ ተመሃራይ ኣብ ዝነበረሉ እዋን ብሉጽ ተጻዋታይ ተኒስ ባይታ ነበረ፡፡ ኣብታ ዝቕመጠላ ዝነበረ ከተማ መወዳድርቲ ክሳብ ዝስእን'ውን ብቕዓቱ ክብ በሎ፡፡ በዚ ድማ'የም እቶም ኣብ ጸወታ ተኒስን ፊልምን ክሳተፍ ዝተዓዘቡ ፈለጥቱ 'ኣሚር ክሃን ብሉጽ ተጻዋታይ ተኒስዶ ብሉጽ ተዋሳኣይ?' ክብሉ ዝተዛረቡ፡፡

ኣብ 1984 ንሕተቶታት ናይቶም ፈለጥቱ ክትምልስ ዝፈተነት ዓመት ነበረት፡፡ እቲ ኣብቲ ግዜ 19 ዓመት ዝመልኦ ክሃን፥ ኣብታ ብወዲ ሓወቦኡ ዝተኣልየት ማህታስ ሆሊ ዘርእስታ ፊልም ከም ቀንዲ ጠባይ ኮይኑ ጻየየ፡፡ እቶም ጉዳዩ ዘተሓሳስቦም ዝነበረ ድማ ኣማን ብኣማን ብሉጽ ተዋሳኣይ ክብሉ ተሰምዐ፡፡ ልዕሊ ተጻዋታይ ተኒስ ኣብ ምውሳእ ከድምዕ ከም ዝኽእል ፈቓደኡ ምስ ተሓበሮ፥ ንስፖርታዊ ሕልምታቱ ኣጸገዮ፡፡ ምሉእ ኣድህቦኡ ኣብ ምውሳእ ገበሮ፡፡ ብዙሕ'ውን ጸዓረ፡፡ ወጽኢት ጻዕሩ ኣብዘን ሓደት ናይ ተመኩሮ እዋናቱ ገሊ ገሊ ብሉጻት ተዋሳእቲ ቦሊውድ ተሰሪዑ ንዓበይቲ ሽልማታት ተሓጽየ፡፡

ኣብ 1996 ዝጸደየ፥ "ዳርመሽ ዳርሻን" እትብል ፊልም ግን ሕልፊ ነበረ፡፡ ኣብ ህይወቱ ንመጀመርታ ግዜ ብሉጽ ተዋሳኣይ ናይቲ ዓመት ዝብል ክብሪ'ውን ኣግዘሙዩ፡፡ ብናይ ህይወት ተመኩሮኡ ኣብ ውሽጥኻ ዝሎ ተወሂቡ፥ ጻዕሪ እንተ ሓዊስካሉ ዘይከውን ከም ዘየለ ምስክር ዝኾነ ኣሚር ክሃን፥ ብድሕሪ'ዚ ካብ ተዋሳኣይ ናብ ኣላዪ ተሰጋገረ፡፡ ኣብ ዓመት 2001 ናይ ገዛእ ርእሱ ፊልም ከፍርየሉ ዝኽእል ትካል ክኸፍት እንከሎ፥ ላጋን ንእትብል ብኽእለቱ ዝፈረየት ፊልም ንምስራሕ ድማ ተዳለወ፡፡ ፊልም ላጋን እውን፥ ተዓደየት፡፡

ኢይደንገዮን 'ራንግ ባሳንቲ' ኣብ እትብል ፊልም ከም ቀንዲ ጠባይ ኮይኑ ሰርሐ፡፡ ስሙ ድማ ኣዕበየ፡፡ 'ዝበለጸት ናይ ወጻኢ፥ ፊልም ተባሂላ እውን ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ክትሽለም ከኣለት፡፡ ኣሚር ክሃን ኣብ መፋርቕ 2007 'ታዓረ ዛሚን ፓር' ብዝብል ኣርእስቲ ፊልም ኣለየ፡፡ እታ ስራሕ'ውን ንሽልማት ብሉጽ 'ስክሪን ፕለይ' ኣዕወተየ፡፡ ብመንገዲ'ታ ፊልም'ውን ኣሚር ክሃን ዝበለጸ ኣላዪ ናይታ ዓመት ዝብል ክብሪ ረኸበ፡፡ ኢንጅን ብዝብል ሳጓ ዝፍለጥ ኣሚር ክሃን፥ ኣብዘን ድሒሩ ዝሰርሐን ፊልምታት'ውን ዓቢ ዝና ረኺቡ'ዩ፡፡ ብፍላይ እታ፥ 'ጋኒኒ' ዘርእስታ ፊልም ሓንቲ ካብተን ዝለዓለ ኣታዊ ዝረኸበለን ፊልምታቱ እያ፡፡ 'ዝበለጸት ስክሪን ፕለይ' ተባሂላ'ውን ተሸለመት፡፡ ኣብ ዝቐጸለ ዓመታት'ውን ዓበይቲ ዓወታት እናመዝገበ ቀጸለ፡፡ ከም ወጽኢቱ ከኣ፥ ኣሚር ክሃን ብሉጽ ተዋሳኣይ ቦሊውድ ክኸውን በቕዐ፡፡ ዝኾነታማትን ግዱያትን ባህርያዊ ሓይጋን ዝኾኑ ህጻናት ሓልዮት ከም ዘለዎ ዝነገረሉ ኣሚር ክሃን፥ ኣብ ጠይቱ ሃገራት ብምኻድ ብሕማም መንሽሮ ንዝተጠቕዑ ወገናት ኣብ ምሕብሓብ ይሰርሕ'ዩ፡፡ ንሱ ብዘወሃኾ፥ ናይ ኣእምሮ ጸገም ዝለዎም ህጻናት ኣብ ምስትምሃርን ምክንኻንን ከም ዝጥፍ ይፍለጥ፡፡

## ጥቕስታት ሕብራዊት ብርዒ

- "ሕልምኻ ሃብቲ ኣእምሮኻ እዩ፡፡" - ማይክል ባሲ. ጆንሰን
- "ዓወት ብኣጋጣሚ ዝርከብ ኣይኮነን፡፡ ጻዕሪ፥ ጽንዓትን መስዋእቲን ልዕሊ ኩሉ ድማ፥ ፍቕሪ ናይቲ እትገብሮ ዘለኻ እዩ ዝወስኖ፡፡" - ፔለ
- "ህይወት ንኣብሽካ ምርካብ ኣይኮነትን፡፡ እንታይ ደኣ ህይወት ንገዛእ ርእስኻ ምፍጣር እዩ፡፡" - ጆርጅ በርናርድ ሾው
- "ኩሉ ግዜ ብሉጽ ክትከውን ፈትን፡፡ ዝበለጽኩ'የ ኢልካ ግን ኣይትሕሰብ፡፡" - ዘይተፈልጠ
- "ጌጋ ምፍጻም ካልእ መልክዕ ናይ ሓድሽ ትምህርቲ ምቕሳም እዩ፡፡" - ካትሪን ግርሃም
- "ሓንጎልካ ክሓስቦን ክኣምኖን ንዝኽእል ኩሉ ነገር፥ ብዕላማ እንተ ደኣ ጸዒርካ ብግብሪ ክትጭብጦ ትኽእል ኢኻ፡፡" - ናፖሊዮን ሂል
- "ዕብየት ምድላይ ማለት ሰንፍና ኣብ ህይወትካ ቦታ የብሉን ማለት እዩ፡፡" - ፓት ኮንሮይ

## ካብ ዳህሰስቲ ደቡባዊ ዋልታ

ካብ ዘመን ኣሪስቶትል ጀሚሮም ክኢላታት ስነ-ካርታን ዳህሰስትን ንሰሜናዊ ክፍሊ መሬት ዝመስል ገዚፍ መሬት ኣብ ደቡባዊ ክፍሊ ዓለም ከም ዘሎ ይኣምኑ ነበሩ፡፡ እቲ ገዚፍ ኣካል ድማ፥ 'ተራ ኣውስትራሊስ' ኢሎም ይጽውዕዎ ነበሩ፡፡ ኣብቲ ግዜ ብዝነበረ ቴክኖሎጂ መራኽብ ተጠቒሞም ንኣንታርክቲካ በጺሓ ዝብል እኳ እንተ ዘይነበረ፥ ናይ 1513 ካርታታት ንኣንታርክቲካ ትመስል ክፍሊ ዓለም ዘጠቓልሉ ነበሩ፡፡ ኣብ 1820 ግና ንመሬት ኣንታርክቲካ ዝዳህሰሱ ሰለስተ ጉዕዞታት ተሰላሲሉ፡፡ ንደቡባዊ ዋልታ ምድሪ ምብጻሕ ድማ ናይ ግዜ ሕቶ ጥራይ ኮነ፡፡

ኣብ መሬት ኣንታርክቲካ ንፈለማ እዋን ኣእጋሩ ዘንበረ ሃዳኒ ሰል ዝነበረ ኣመሪካዊ ጆን ደቪስ እዩ፡፡ እቲ እዋን 7 ለካቲት 1821 ነበረ፡፡ ኣብ 1840 ድማ፥ ኣብ ሓይሊ ባሕሪ ኣመሪካ መራሒ ጉዕዞ ዝነበረ ቻርለስ ዊልከስ ንዝዳሃሰዮ ክፍሊ ኣንታርክቲካ ዝሰነጠቓን እታ ሓዳስ ደሴት ከኣ፥ ዓባይ ደሴት ጥራይ ዘይኮነት ኣህጉር ምኳና ዝተገንዘበን እዩ፡፡ ደቡባዊ ምብራቕ ናይ ኣንታርክቲካ ከኣ፥ ንኽብሩ 'መሬት ዊልከስ' ተባሂሉ ተሰይመ፡፡ ካብ 1901 ክሳብ 1904 ብርጣንያ ሃገራዊ ወፍሪ ንኣንታኣርክቲካ ዝተሰምየ ብሮበርት ፋልኮን ስኮት ዝምራሕ ወፍሪ ናብ ኣንታርክቲካ ኣበገሰት፡፡ ካብ 1907 ክሳብ 1909 ድማ ኢርነስት ሻክልተን ካብቲ ብሮበርት ፋልኮን ስኮት ዝምራሕ ዝነበረ ወፍሪ ተፈሊሉ ንሓጺያዊ ወፍሪ ብርጣንያ ኣብ ኣንታርክቲካ መሪሑ፥ ፈላሚ ንደቡባዊ ዋልታ ዝበጽሐ ሰብ ክበሃል ሃቒኑ፡፡ እንተኾነ ነቲ ዋልታ ምድሪ ክበጽሖ 180 ኪ.ሜትር ምስ ተረፎ ንድሕሪት ክምለስ ተገዲዱ፡፡ ደቡባዊ ማግኔታዊ ዋልታ ድማ ኣብቲ ዳህሳስ ብዘተሳተፈት ጉጅለ ከም ዝተዳህሰሰ ይፍለጥ፡፡ ዳህሳስ ደቡባዊ ማግኔታዊ ዋልታ ጸዑቕ ናይ ውድድር መንፈስ ዝሰዓበ ርኽበት'ዩ፡፡ ብርጣንያዊ ሮበርት ፋልኮን ስኮት 'ቴራ ኖቫ' ብእትበሃል መርከብ፣ ኖርወጃዊ ሮልድ ኣሙንድሰን ድማ 'ፍራም' ብእትበሃል መርከቡ ንደቡባዊ ዋልታ ዝበጽሑ ፈለምቲ ሰባት ክኾኑ ዝፈተኑ እዮም፡፡ እቲ ወፍሪ ኣብ 1911 ጀሚሩ ክሳብ ፈለማ 1912 ዝቐጸለ እዩ፡፡ 14 ታሕሳስ 1911 ድማ ጉጅለ ሮልድ ኣሙንድሰን ንጉጅለ ሮበርት ፋልኮን ቀዲማ ደቡባዊ ዋልታ ዝበጽሐት'ያ፡፡ ኣብቲ እዋን ዝቶደድ ዝነበረ ወፍሪ ብኣኽላባት ዝፍጸም ብምንባሩ፥ እታ ጉጅለ 52 ኣኽላባት ሒዛ ጉዕዛ ከም ዝፈለመትን ነቲ ጉዕዞ ዝዛዘሙ ኣኽላባት ድማ 11 ጥራይ ምንባሮም ይግለጽ፡፡ ሮበርት ፋልኮን ከኣ፥ ድሕሪ ሓደ ወርሒ ኣቢሉ ንደቡባዊ ዋልታ በጺሐ፡፡ እንተኾኑ፥ ኣብ እዋን ምምላሱ መላሲ ኣውያት ዘይብሎም ምማቶም ይፍለጥ፡፡ ኣብ ደቡባዊ ዋልታ ብ'ስኮት-ኣድሙንድሰን' ዝጽዋዕ መደበር ድማ፥ ንኽብሮም ዝተዋህበ'ዩ፡፡



# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ከሳሲ እዮብ ወልዱ ዘርኡ ተጸዋዕቲ ናርዶስ ሃብተም ብስራትን ሶልያና ሃብተም ብስራትን ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ቀሪቡልክን ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን11/10/23 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ.41ቅረባ፡፡ እንተዘይቀሪብክን ጉዳይ ኣብ ዘየለኽናሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ወ/ሮ ጽገሬዳ ክፍላይ ተሰፋሰላሴ ምግቢ ተሪፉ፡ ፍዮሪ ክፍላይ ተሰፋስላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተለ፡ ን4/10/23 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.35 ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ሕምብርቲ

ወ/ሮ ምንያ ፍስሓጼን ባህታ፡ በዓልቤተይ መንግስታኣብ ፍስሓጼን ተሰፋማርያም ስለዝዋረፊ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸልም ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ሓጺና

እዝጊኣምን ኮኾብ ተሰፋማርያም፡ በዓል-ቤተይ ግደ ጉብረእየሱስ ባርያኡ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

የዲት ምሕረታኣብ ጊላሚካኤል፡ በዓል-ቤተይ ኣማኑኤል በርሀ ጉብረማርያም ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ደቂ ሽሓይ

ኣምለሰት መሴ ጉብረሂወት፡ በዓልቤተይ ተሰፋይ ኣፍወርቂ ኣርኣያ ስለዝተሰወአ፡ ኣነ ምስ 4 ደቅና ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

---

ኣነ መርሃዊት ተኽሉብርሃን ዘርኣይ ዝተበሃልኩ፡ ኣብ ከተማ ኣስመራ ምም/ን/ ዞባ ኣባሻውል መለለይ ቁጽሪ ንብረት 6125/18 ብስመይ ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ናይ'ዚ ዝተጠቕሰ ገዛ ኦርጂናል ምስክር ምዝገባ ዋንነት ስለ ዝጠፍኣኒ፡ ብዕዳ ሒዚዎ ወይ ረኺቦዎ ዝበል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ብቶጽሪ 07160235 ክሕብረኒ፣ እንተዘየሎ ከኣ መተካእታ ኦርጂናል ክሓትት ምዃነይ እሕብር፡፡

መርሃዊት ተኽሉብርሃን ዘርኣይ

---

ኣነ ኣመልካቲት ምሕረት ዑቕባጋብር ጉብረ ዝተበሃልኩ፡ ኣብ ኣስመራ ን/ዞባ ገዛ ባንዳ ዚፕ ኮድ 1A179 ፕሎት 29 ፓርሰል B1 ጎደና ኦምሓጀር ቁ.ገዛ 70 ስፍሓቱ 85.96 ት/ሜ ዝኾነ፡ 3 ቀንዲ ምስ 2 ሓገዝቲ ክፍልታት ዘጠቓለለ ተራ-ገዛ፡ ዋንነቱ ኣብ ቤ/ጽ ካዳስተር ብመለለይ ቁ.ንብረት 1BRASM002508/0 ብሽም መሴ እምባየ ዑቕባሚካኤል ዝተረጋገጸ/ዝተመዝገበ፡ ኣነ ኣመልካቲት ስለዝዓደኽዎ'ሞ ናብ ሽመይ ከመሓላልፎ ስለዝኾንኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ሒዙ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኖታዮን ቤ/ጽ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡

ምሕረት ዑቕባጋብር

---

## ምልክታ ጨረታ

ዓዳጊ፦ ማእከል ትካላዊ ብቕዓት ኤርትራ
ኣርእስቲ ውዕል፦ ውዕል ዓመታዊ ቀረብ መግቢ
ኣገባብ ዕድጊ፦ ክፉት ጨረታ (ሃገራዊ)

ማእከል ትካላዊ ብቕዓት ኤርትራ እምባትካል ንዓመት 2024 ካብ ወርሒ ጥሪ ክሳብ ታሕሳስ ንተሳተፍቲ ስልጠና ዝውዕል ቀረብ መግቢ ከጫርት ስለ ዝደለየ፣ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ይዕድም፡፡

1. ማእከል ትካላዊ ብቕዓት ኤርትራ እምባትካሉ፡ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት ቀረብ መግቢ (ስጋ፡ ኣስቤዛ ኣሕምልቲን፡ ዝተቐመመ በርበረ፡ እንቋቑሖን) ብዕሹግ ደብዳበ ከቕርብ ይዕድም፡፡
2. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ተሳተፍቲ ክፉት እዩ፡፡
3. ተጫረትቲ፡ ቅዳሕ ናይ ዓመት 2019 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒንን ናይ ዓመት 2022 ክሊራንስን መንነትን የቕርቡ፡፡
4. ተጫረትቲ፡ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ካብ ማእከላይ ትካላዊ ብቕዓት ኤርትራ ኣብ ደምበ ሰምበል ግሪን ብዩልዲንግ (እንዳ ኮርያ) ብሎክ ኤ.ቀዳማይ ደርቢ ቁ.ተ.154048 ካብ ጸሓፊት፡ ናይ ጨረታ ሰነዳትን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ፡፡
5. ብቑዓት ተጫረትቲ፡ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዝምለስ ጥረ ገንዘብ ናቕፋ 50,00 (ሓምሳ) ብምኽፋል ክወስዱ ይኽእሉ፡፡
6. ጨረታ ኣብዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ ዕለት 3/10/2023 ሰዓት 10:00 ቅ.ቀ ወይ ቅድሚኡ ክበጽሕ ኣለዎ፡፡ ደንጉዩ ዝቐረበ ጨረታ ይንጸግ፡፡ ጨረታ፣ ተጫረትቲ፡ ሕጋውያን ወከልቲ፡ ክሳተፍ ዝደሊ ሰብን ስነስርዓት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ንኽዕዘቡ ዝመጽኡ ሰባትን ኣብ ዝተረኽቡሉ፡ ኣብ ደምበ ሰምበል ግሪን ብዩልዲንግ (እንዳ ኮርያ) ብሎክ ኤ.ቀዳማይ ደርቢ ዕለት 03/10/2023 ሰዓት 10፡00 ቅ.ቀ ብግልጺ ይኽፈት፡፡
7. መኽበሪ ጨረታ ዝምለስ ንሕምልቲን ፍረታትን ስጋን (Bid security) (CPO) ናቕፋ 50,000 (ሓምሳ ሽሕ) ክትሕዙ ይግባእ፡፡
8. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዝእዝዞ ማሰረት ይካየድ፡፡
9. ማእከል ትካላዊ ብቕዓት ኤርትራ እምባትካሉ፡ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ጨረታ ንምስራዝ ማሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ማእከል ትካላዊ ብቕዓት ኤርትራ
ቁ.ቴ.154048 ሓምሳይ ህንጻ ደምበ ሰምበል

---

## ሓበሬታ



- ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ. ንምፍላጥ፡
ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተሌፎን ደውሉ፡፡

ሰዓታት ስራሕ - ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ
8፡00 -12፡00፣ ምሸት ድማ ካብ 2፡00 – 6፡00 ድ.ቀትሪ፡ ብቁ. ስልኪ 110179 ደውሉ፡፡
ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537፣ E-Mail; bidhonational@gmail.com
ሰቕታ ጎዳኢ እዩ - ደውሉ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ. ብግልጺ ንዘራረብ፡፡

---

## ምልክታ ጨረታ

ዓይነት ጨረታ፦ ማካይንን ሞተር ሳይክልን ምሕጻብ (Lavajo)፡ ግሮሶ (ingrasajo)፡ ብኮ ጎማ ምጽጋን
ኣሃዱ፦ ማእከላይ ቤ/ጽ ሚ/ጥዕና
ኣርእስቲ ውዕል፦ ዓመታዊ ተሽከርከርቲ ምሕጻብ፡ ግራሶ ንምክያድ፡ ጎማ ምጽጋን
ዓይነታዊ ጨረታ፦ ሃገራዊ ክፉት ጨረታ
ሚኒስትሪ ጥዕና ኣብ ዞባ ማእከል ንዘርከብ ትካላት ጥዕና ዓበይትን ንኣሽቱን ተሽከርከርቲ (ማካይን 57፡ ሞተር ሳይክል 65) ንዓመት 2024 ኣጫሪቱ ተሽከርከርቲ ክሕጸብ፡ ግሮሶ ክግበር፡ ክምኡ'ውን ብኮ ጎማ ክጽገን ስለዝደለየ፣ ብቑዓትን ሕጋውያን ተጫረትቲ ይዕድም፡፡
ተወዳደርቲ ክማልእዎ ዘለዎም ነጥብታት፦
1. ሚ/ጥዕና ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት፡ ምሕጻብ ተሽከርከርትን ምጽጋን ብኮ ጎማ ብዕሹግ ደብዳበ ከቕርቡ ይዕድም፡፡
2. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ምሕጻብ ተሽከርከርቲ ክፉት እዩ፡፡
3. ተጫረትቲ፡ ናይ 2019 ዓ.ም ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግዲን ናይ 2022 ዓ.ም ግብሪ ከምዝኸፈሉ ካብ ኣታዊ ውሽጢ ሃገር መረድኢ ሰነድ፡ ፎቶ ኮፒ መንነት ከቕርቡ ይግባእ፡፡
4. ተጫረትቲ፡ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ፡ ካብ ቤ/ጽ ሓፈሻዊ ኣገልግሎት ሚ/ጥዕና (ተሰፋይ ሃብተ ቁ.ቴሌ 125312 ናይ ጨረታ ሰነዳትን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ፡፡
5. ብቑዓት ተጫረትቲ፡ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 100.00 (ሚእቲ ናቕፋ) ከፊሎም ክወስዱ ይግባእ፡፡
6. ጨረታ ኣብ'ዚ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ ዕለት 11/10/2023 ሰዓት 9፡45 ቅ.ቀ ክበጽሕ ኣለዎ፡፡ ደንጉዩ ዝቐርብ ጨረታ ይንጸግ፡፡ ጨረታ፡ ተጫረትቲ ሕጋውያን ወከልቲን ክሳተፍ ዝደሊ ሰብን ስነስርዓት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጽኡ ሰባትን ኣብ ዝተረኽቡሉ፡ ኣብ ኣዳራሽ ማእከላይ ቤ/ጽ ሚ/ጥዕና ቁጽሪ 36 ይኣቱ፡፡ ዕለት 11/10/2023 ሰዓት 10፡00 ቅ.ቀ ጨረታ ብግልጺ ይኽፈት፡፡
7. መኽበሪ ጨረታ ዝምለስ 10,000.00 ናቕፋ ብሲፒኦ (CPO) ክትሕዙ ይግባእ፡፡
8. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዝእዝዞ ማሰረት ይካየድ፡፡
9. ሚ/ጥዕና ብምሉእ ወይ ብኸፊል ጨረታ ንምስራዝ ማሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ማእከላይ ቤ/ጽሕፈት ሚ/ጥዕና
ጨ/ሓፈሻዊ ኣገልግሎት ሚ/ጥዕና ቁጽሪ ቴሌፎን 125312
ምምሕዳር ጸጸራት ጎደና ደንደን፡ ቁ.ሳ.ፖ 212 ኤርትራ ኣስመራ

---

## ምልክታ ጨረታ

ሚኒስትሪ ትምህርቲ ንኣሕደርቲ ኣብያተ ትምህርቲ ደቀምሓረ ቤት ትምህርቲ ሰውራን ዶንቦስኮን ኣሕምልትን ስጋን ዓመታዊ ቀረብ ዝርብሑ ብኽፉት ጨረታ፡ ሃገራውያን ኣቕረብቲ ይዕድም፡፡ ዝቐርብ ዋጋታት መግቢ ብዕሹግ ደብዳበ ይኸውን፡፡ ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ፡፡ ተጫረትቲ፡ ቅዳሕ ናይ 2019 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒንን ናይ 2023 ክሊራንስን መንነትን የቕርቡ፡፡ ተጫረትቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ካብ ኣሕደርቲ ኣብያተ ትምህርቲ ሰውራን ሰሉኪት ዶንቦስኮን (ደቀምሓረ) ብቶጽሪ ቴሌፎን 641170/641171 ናይ ጨረታ ሰነድን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክትረኽቡ ትኽእሉ፡፡ ብቑዓት ተጫረትቲ፡ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ 50.00 ናቕፋ ብምኽፋል ክትወስዱ ትኽእሉ፡፡ ጨረታ ኣብ'ዚ ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሩ ዘሎ ኣድራሻ ዕለት 30/09/2023 ሰዓት 9፡00 ቅድሚ ቐትሪ ወይ ቅድሚኡ ክበጽሕ ኣለዎ፡፡ ደንጉዩ ዝቐርብ ጨረታ ንጹግ ይኸውን፡፡ ጨረታ፡ ተጫረትቲ ሕጋውያን ወከልትን ዕዱማትን ስነስርዓት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ንኽዕዘቡ ዝመጽኡ ሰባትን ኣብ ዝተረኽቡሉ ኣብ ኣዳራሽ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዕለት 30/09/2023 ሰዓት 10፡00 ቅድሚ ቀትሪ ብግልጺ ይኽፈት፡፡ ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዝእዝዞ ማሰረት ይካየድ፡፡ ኣሕደርቲ ኣብያተ ትምህርቲ ሰውራን ዶንቦስኮን (ደቀምሓረ)፡ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ጨረታ ንምስራዝ ማሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡ ተወሳኺ መግለጺን ዝርዝራዊ ሓበሬታን ኣብ ሚ/ትምህርቲ ቤት ጽሕፈት ቁጽሪ 20 ወይ ብቴሌፎን 200593/ወይ 123749 ቁጽሪ ሳጹን ጶስጣ 1056 ተወከሱ፡፡
ኣሕዳሪ ቤት ትምህርቲ ሰውራን (ደቀምሓረ)፡ ኣሕዳሪ ቤት ትምህርቲ

ዶንቦስኮን (ደቀምሓረ)

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

ASMARA MINING SHARE COMPANY

# VACANCY ANNOUNCEMENT

ASMARA MINING SHARE COMPANY
Abo Street, No. 178, House No. 16
Gejeret, P.O. Box 10688

Tel. ++291-1-153986
Asmara, Eritrea

Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position;

Senior HE Maintenance Trainer
Number required – (01)
Type of contract – Indefinite

Major Duties and responsibilities.

- Assist the Safety and Training Superintendent to develop and implement a competency based HE Maintenance Training system.
- Perform general training for equipment maintenance technicians and supervise the development of training curricular for training of technicians and local staff.
- Deliver apprenticeship training to all stakeholders involved in HME maintenance.
- Work with other apprentice trainer and corporate service trainer to review and keep the existing curriculum current and applicable. Regularly assess progress of apprentices in the program with written and performance evaluations. Maintain all associated records of training delivered and apprentice progress.
- Work with other Maintenance Trainers to develop and maintain an apprenticeship curriculum for PM Technicians.
- Communicate with the appropriate managers with information as it pertains to the development of the apprentice technicians.
- Establish necessary contacts with manufacturers and become thoroughly familiar with their current training offerings and training operations.

Profile: Qualifications and Experience

Formal Education, Certifications or Equivalents

- Degree or Diploma in Mechanical Engineering or equivalent
- Diploma in Workplace Training and Assessment in Mining

Working Experience – Nature & Length

- Leadership skill in multi-disciplinary environment.
- Strong Supervisory skills. Get things done attitude.
- Train and develop local staff
- Analytical skills
- Project management skills
- Attention to detail
- Report Writing skills
- Decision making skills
- Plan, organize and execution skills
- Understand Machine capabilities and productivities.
- Problem solving skill
- Valid Driver's License

Technical Skills

- Leadership skill in multi-disciplinary environment.
- Strong Supervisory skills. Get things done attitude.
- Train and develop local staff
- Analytical skills
- Project management skills
- Attention to detail
- Report Writing skills
- Decision making skills
- Plan, organize and execution skills
- Understand Machine capabilities and productivities.
- Problem solving skill
- Valid Driver's License

Behavioral Skills

- Leadership skill in multi-disciplinary environment.
- Strong Supervisory skills. Get things done attitude.
- Train and develop local staff
- Analytical skills
- Project management skills
- Attention to detail
- Report Writing skills
- Decision making skills
- Plan, organize and execution skills
- Understand Machine capabilities and productivities.
- Problem solving skill
- Valid Driver's License

Water Truck Operator
Number required – (02)
Type of contract – Indefinite
Major Duties and responsibilities.

- Dust control in the mining areas
- Dust control around the mine area

Safety

- Awareness of heavy mining equipment
- Adhere to safety procedures

Reporting

- Report to mining supervisor
- Pre- check report to be handed to the mining supervisor at end of shift

Develop Standards

- Ensure training complies with local and international standards.

Profile: Qualifications and Experience

Formal Education, Certifications or Equivalents

- Able to read and write local and English
- Some schooling

Working Experience – Nature & Length

- Two years driving experience on a local water truck
- A local truck license
- Refill the truck with water pumps.
- Repair leaks on water pumps

Technical Skills

- Able to identify pump problems
- Able to identify and report damage to pump and pipes
- Able to read and understand the display panel of a pump

Behavioral Skills

- Communication - Local (English will be an advantage)
- Physical condition to climb heights

General Information and other requirements:


| | |
|---|---|
| . Place of Work: | AMSC Sites |
| .Type of contract: | Indefinite Period |
| .Salary: | As per the Company salary scale |

Additional requirements for Nationals:

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.

. Address: Please mail your applications to;
Asmara Mining Share Company,
P.O. Box 10688 Asmara, Eritrea

. Note to Non-Eritrean applicants:
Please send a copy of your application to
Aliens Employment Permit Affairs,
P.O. Box 7940 Asmara, Eritrea



# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ሃገራዊት ጋንታ ኣትለቲክስ ካብ መገሻኣ ተመሊሳ

ኣብ'ቲ ካብ 19 ክሳብ 27 ነሓሰ ኣብ ቡዳፔስት - ሃንጋሪ ዝተኻየደ መበል 19 ሻምፕዮና ኣትሌቲክስ ዓለም ዝተሳተፈት ሃገራዊት ጋንታ ኣትሌቲክስ ኤርትራ፡ ረቡዕ ምሸት ካብ መገሻኣ ከም እተመልሰት፡ ካብ ኮሚሽን ባህሊን ስፖርትን ኤርትራ ዝተረኸበ ሓበሬታ ኣፍሊጡ።



እታ ሃገራዊት ጋንታ፡ ኣህጉራዊ መዓርፎ ነፈርቲ ኣስመራ ኣብ ዝበጽሓትሉ እዋን፡ ካብ ሓለፍቲ እቲ ሃገራዊ ፈደረሽን ምውዒቕ ኣቀባብላ ተገይሩላ። እዛ ሃገራዊት ጋንታ፡ ኣብ'ቲ ልዕሊ 190 ሃገራት ዝተሳተፋሉ ውድድር፡ ክልተ ደቀንስትዮ ብዘርከብኦም ብሸውዓተ ኣትሌታት ምውካላ ይፍለጥ። ኣብ'ቲ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ውድድር ከኣ፡ ብተኸታታሊ ብኦሎምፒካውያን ኣትሌታት ናዝራት ወልዱን ዶልሺ ተስፉን ሻሙናይን ዓስራይን ደረጃ ሒዞ። እዘን ኣትሌታት ዘርኣየኦ ተወዳዳርነትን ምስ ቀዳሞት ዓሰርተ ብሉጻት ኣትሌታት ምስርዐንን ድማ፡ ዘምስገን ወጽኢት ምዃኑ፡ ኣታ ጋንታ መሪሑ ዝኸደ ዋና-ጸሓፊ እቲ ሃገራዊ ፈደረሽን ኣቶ ታደሰ ጉብሩ ኣብ'ቲ ናይ ምቕባል እዋን ሓቢሩ። ኤርትራ፡ ብደቂ ተባዕትዮ ኣብ 10 ሽሕን ማራቶንን እያ ተሳቲፋ።

## ፋቲ፡ ናብ እንግሊዝ ኣቕኒዑ

### ፋቲ፡ ስለምንታይ ሃንደበት ብቕዓቱ ኣንቈልቍሉ?

ትሰፉው ተጻዋታይ ክለብ ባርሴሎና ኣንሱ ፋቲ፡ ትማሊ ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቐትሪ ናብ እንግሊዝ ብምቕናዕ፡ ብልቓሕ ምስ ብራይተን ምጽምባሩ ተቓሊሑ።

ኣብ ታሪኽ ባርሳ እቲ ዝነኣሰ ኣመዝጋቢ ሸቶ ዝኾነ ፋቲ፡ ናይ ምምዛእ ግዴታ ብዘይብሉ ውዕል እዩ ንሓደ ዓመት ብልቓሕ፡ ማልያ ብራይተን ክለብስ። እቲ 80 ሚእታዊት መሃያኡ ከኣ ባርሳ ክትከፍሎ ምዃና ይግለጽ። ኣብ'ዚ ናይ ፋቲ ጉዳይ፡ ቶተንሃም ጥልቓ ብምእታው ከተፈርሞ ተቓሪባ ምንባራ እኳ እንተተሓበረ፡ ኣብ መወዳእታ ግና፡ እዚ እስጳኛዊ ኣጥቃዓይ ናብታ ብሮበርቶ ዲ ዘርቢ እትስለም ብራይተን ኣምሪሑ ኣሎ።

ብፍላይ፡ ኣብ መበል 17 ዓመትን 40 መዓልታትን ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ሸቶ ምስ ኣመዝገበ፡ "ኣብ ታሪኽ እቲ ዝነኣሰ" ከምኡ'ውን፡ "ኣብ ኤል-ክላሲኮ ካልኣይ ዝነኣሰ ኣመዝጋቢ" ምስ ተጻውዐ፡ ስሙ ክፍንፍን ሓደ ካብዮም ብሩህ መጻኢ ዘለዎም ኮኾቤ ተጻወትቲ ኤውሮጳ ተባሂሉ ክጥቀሰን ክኢሉ።



በዚ ኸኣ፡ ፋልማይ ጸውዒት ሃገራዊት ጋንታ እስጳኛ ክረክብ በቒዑ። ኣብ ኣህጉራዊ ግጥማት'ውን ንዝጸንሖ ታሪኽ ከሐድሶ ግዜ ዘይበልዐ ፋቲ፡ ኣብ ካልኣይቲ ጸወታኡ ሸቶ ብምቑጻር እዩ "እቲ ዝነኣሰ ኣመዝጋቢ እስጳኛ" ተባሂሉ ተጸዊዑ። ከም ውጽኢቱ፡ ናይ ነዊሕ ዓመታት መሪሕ ባርሳ ክኸውን ከም ዝኽእል ዝተገልጸ ፋቲ፡ "እቲ ካልእ/ሓዱሽ መሲ" ተባሂሉ ክጽዋዕ ተሰሚዑ።

እንታይ ደኣ ኣጋጠሞ?

ኣንሱ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመተ-ስፖርት እዩ ስሙ ሰማይ ክሰቀልን መጻኢ ባርሳ ክበሃልን በቒዑ። ኣብ ካልኣይቲ ማለት ወቕቲ 2020-21 እውን ጽቡቕ እዩ ተበጊሱ ነይሩ። እንተኾነ፡ ኣብ ወርሒ ሕዳር 2020 ብሰንኪ ዘጋጠሞ ናይ ብርኪ መጉዳእቲ ዝነበሮ መብጣሕቲ፡ ንትሸዓተ ኣዋርሕ ካብ ሜዳ ክርሕቕ ተቐሲቡ። ነታ ኣብ ምብጋስ ዝነበረት ወቕተ-ስፖርት ድማ ከሲሩ።

ኣብ ዝሰዓበት ዓመት፡ ባርሳ፡ ዚ ካብ ናይ ትሸዓተ ኣዋርሕ ናይ ተሃድሶ ግዜ ዝተመልሰ ትሰፉው ተጻዋታይ፡ መተካእታ ሜሲ ክኸውን ተመንያ ማልያኡ ማለት ቑጽሪ 10 ኣውሪሳቶ። ይኹን'ምበር፡ ፋቲ፡ ጸገማይ ከም'ቲ ኣብ ፈለማ ዘርኣዮ ብቕዓት ክንጽብርቕ ኣይከኣለን። ብሰሪ ዘጋጠሞ ጸገማይ መጉዳእቲ'ውን ንኣርባዕተ ኣዋርሕ ካብ ሜዳ ተፈልዩ።

ፋቲ፡ ዝሓለፈ ዓመት'ውን እንተኾነ፡ ኣብ ትሕቲ ዣቪ፡ ብተደጋጋሚ ከም ተቐያሪ ኮይኑ እዩ ክሰለፍ ተራእዩ። ኣብ'ቲ ዝሰለፈሉ ቦታ ልዕለሉ ዝምረጹ ተጻወትቲ ብምንባሮም ከኣ፡ ናይ ምስላፍ ዕድሉ ስሒዩ እዩ። ሰሪ ማስበርቲ፡ ካብ ጥርዚ ብቕዓት ባይታ ዝዘበጠ እዚ ተጻዋታይ፡ ኣብ'ዛ ክረምቲ ስሙ ምስ ዝተፈላለየ ክለባት ክተኣሳሰር ድሕሪ ምጽናሕ እዩ ድማ ብልቓሕ ናብ ብራይተን ተሰጊሩ ዘሎ። ፋቲ፡ ጌና 21 ዓመት ከይመልአ (31 ጥቅምቲ እዩ ክመልእ) እዩ፡ ካብ'ቲ ሓደ ጫፍ ናብ'ቲ ሓደ ጫፍ ተሰጊሩ ዘሎ። እዚ ብማልያ ብራይተን ዝፍትኖ ሓዱሽ ሂወት/ብድሆ ከኣ፡ ዳግማይ ናብ'ቲ ደየቡዎ ዝበረ መሳልል ዕበየት ክመልሶ ወይ ከኣ ከም ቶም ኣብ ንኡስ ዕድሚኦም ሓንሳብ ምስ ኣንጸባረቑ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ዝሃጠሙ ተጻወትቲ ክጸውዖ ይኽእል እዩ።

#### ሓጺር ድሕሪ ባይታ ፋቲ

ወዲ 10 ዓመት እንከሎ ናብ ኣካዳሚ ባርሳ ዝተጸምበረ ፋቲ፡ ኣብ ነሓሰ 2019 - 16 ዓመትን 298 መዓልታትን ምስ ገበረ ፋልማይ ጸወታኡ ኣካይዱ - "ኣብ ታሪኽ እዛ ጋንታ ካልኣይ ዝነኣሰ ተጻዋታይ ማልያኣ ዝለበሰ" ዝብል ክብሪ'ውን ረኺቡ። ድሕሪ ኣርባዕተ መዓልታት እዛ ጸወታ ድማ፡ ሸቶ ብምምዝጋቡ፡ "ኣብ ታሪኽ ባርሳ ዝነኣሰ ኣመዝጋቢ"፡ ከምኡ'ውን "ኣብ ታሪኽ ላ'ሊጋ ሳልሳይ ዝነኣሰ ኣመዝጋቢ" ተባሂሉ ኣብ ናይ ቋሕ ሰም እዋን ኣብ መዝገብ ክብረ-ወሰን ብተደጋጋሚ ክሰፍር በቒዑ።

## 2023፡ ዝበዝሐ ወጻኢታት ዝተገብረላ ዓመተ-ስፖርት

ፕሪመር ሊግን ቸልሲን ኣብ ቅድሚት ተሰሪዖም

ኣብ ክራማት 2023፡ ኣብ መላእ ዓለም ሓደሽቲ ተጻወትቲ ካብን ናብን ንምዝውዋር ልዕሊ 7.5 ቢልዮን ዩሮ (6.5 ቢልዮን ፓውንድ) ወጻኢታት ብምፍሳሱ፡ "ኣብ ታሪኽ ዝውውር ተጻወትቲ እቲ ዝኸበረ ወጻኢታት ዝተገብረላ ክረምቲ" ተባሂሉ።

እዚ ምስዮግጋር፡ 1 መስከረም እዩ ክዕጾ፡ ክሳብ እታ ናይ መወዳእታ ሰዓት'ውን እቲ ወጻኢታት ክውሰኽ ከምዝኽእል እዩ ዝግለጽ። እዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ መጠን ገንዘብ ከኣ ኣብ 1617 ተጻወትቲ ዝወጸ ምዃኑ ይሕበር። ኣብ'ዚ መስርሕ፡ ክለባት ፕሪመር ሊግ 2.43 ቢልዮን ዩሮ



ብምውጻእ ኣብ ቅድሚት ክስርዓ እንከለዋ፡ ክለባት ስዑዲ ዓረብ ብ848 ሚልዮን ዩሮ፡ ሰሪ'ኣ 794 ሚልዮን ዩሮ፡ ቡንደስሊጋ 696፡ ሊግ 1 ፈረንሳ 691፡ ላ'ሊጋ ከኣ 398 ሚልዮን ዩሮ ወጻኢ ብምግባር ብቕደም ተኸተል ይስዕባ።

ብደረጃ ክለባት ከኣ፡ ቸልሲ፡ 417.1 ሚልዮን ዩሮ ወጻኢታት ብምግባር ኣብ ቅድሚት ተሰሪዑ። ንኡ ዝስዕብ ዘሎ ኣል-ሂላል 353.1፡ ኣርሰናል 234.9፡ ፒኤስጂ 209.5፡ ቶተንሃም 193.6፡ ማን ዩናይትድ 191.7፡ ኣል-ኣህሊ 183.2፡ ማን ሲቲ 179.1፡ ኣል-ነስር 165.1፡ ንዝሪ ከይን ዘፈረመት ባየር ሙኒክ ድማ ብ155 ሚልዮን ዩሮ ክሳብ 10ይ ተሰሪዐን።

## ስፖርታዊ ውድድር ሓይልታት ምክልኻል ሎሚ ክጅመር እዩ

ስፖርታዊ ውድድር ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ "ሰራዊት ሓበን ኣብ ስጡም መሰረት" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ፡ ሎሚ ዓርቢ ኣብ ከተማ ከረን ክጅምር እዩ።

ኣብ'ዚ ንመበል 15 ግዜኡ ዝቃናዕ ውድድር፡ ኩዕሶ እግሪ፡ መርበብ፡ ሰከልትን ጨመተ ተኸተስን ዘጠቓልል እዩ። 10 ጋንታታት ማለት - ዓምበርበብ፡ ሓሬና፡ ብድሆ፡ ሳዋ፡ ንስሪ፡ መኸተ፡ በፈር፡ ሸዑሉ፡ ሰንጥቓን ክንፈን ከኣ ብኽልቲኡ ጾታ ክሳተፉ እየን። እዚ ውድድር፡ ንኣስታት 45 መዓልታት ዝቕጽል ኮይኑ፡ ሰሓቢ ተወዳዳርነት ክረኣዮ ከኣ ትጽቢት ከምዝግበር፡ ካብ ሓበሬታን ገስጋስን እቲ ሚኒስትሪ ዝረኸብናዮ ሓበሬታ የረድእ።

## "ክለባት ስዑዲ ዓረብ ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ኣይጻወታን እየን" ፕረዚንደት ዩኤፋ

ፕረዚደንት ማሕበር ኩዕሶ እግሪ ኤውሮጳ ማለት ዩኤፋ ዝኾነ ኣለክሳንደር ሰፈሪን ነቲ ክለባት ስዑዲ ዓረብ ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ክሳተፉ ዕድል ኣለወን ዝብል ዜና፡ ውዱቕ ገይሩዎ።

ቅድሚ ገለ ሰሙናት፡ ክለባት ስዑዲ ዓረብ ናብ ሻምፕዮንስ ሊግ ዘእቱ ናይ ዕድመ ወረቐት ክወሃባ ከምዝኽእላ፡ ብዝተፈላለየ ምንጪታት ተጋዊሑ ነይሩ እዩ። እዚ ብሰቡ ስልጣን ስዑድያ ክሕተት ምኽንያቱ ዝተገልጸ



ጠለብ፡ ዩኤፋ እንተተቐቢልዎ ከኣ፡ ከም ሮናልዶ፡ በንዜማን ነይማርን ዝኣመሰሉ ካብ ኤውሮጳ ብምውጻእ ኣብ ስዑዲ ዓረብ ዝርከቡ ተጻወትቲ ዳግማይ ክምለሱ ይኽእሉ እዮም ተባሂሉ።

ይኹን'ምበር፡ ሰፈሪን ዚ ተኽእሎታት ኣለዎ ዝተባህለ ጉዳይ፡ ውዱቕ ገይሩዎ ኣሎ። "እተን ምንጪታት ወላ'ውን ገዳና ኣይተሓተታናን" ዝበለ እዚ ፕረዚደንት፡ "ክለባት ኤውሮጳ ጥራይ እየን፡ ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ፡ ኤውሮፓ ሊግን ኮንፈረንስ ሊግን ዝሳተፋ።" ኢሉ። ብዘይካዚ፡ ሰፈሪን ናይ ፍጻሜ ጸወታ ሻምፕዮንስ ሊግ ኣብ ኣመሪካ ከምዝካየድ'ውን ኣፍሊጡ። "ናይ ፍጻሜ ጸወታ ዝካየደሉ ቦታ ፈደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤውሮጳ ጥራይ እዩ ዝውስኖ፣ ክለባት'ውን ኣይምልከተንን እዩ። ክንቅይሮ እንደሊ ሕግታት ድማ የብልናን።" ኢሉ።

ካብ መስከረም 2016 ጀሚሩ እዚ ማሕበር ዝመርሖ ዘሎ ሰፈሪን፡ ኣብ'ዚ እዋን ህቡባት ተጻወትቲ ኣብ ምግዓዝ ዝርከብ ሊግ ስዑዲ ዓረብ፡ ንኩዕሶ እግሪ ኤውሮጳ ኣስጊኢ ከምዘይኮነ'ውን የረድእ። "ስግኣት ኣይኮነን። ኣብ ቻይና እኮ ተመሳሳሊ መስርሕ ርኢና ነይርና ኢና። ኣብ ናይ መወዳእታ ናይ ጸወታ ግዜኦም ዝለዉ ተጻወትቲ ብዙሕ ገንዘብ ብምቕራብ ገዚኦም እዮም። እንተኾነ፡ ኩዕሶ እግሪ ቻይና ኣይማዕበለን። ናብ ዋንጫ ዓለም'ውን ክሓልፉ ኣይከኣሉን። ኣነ ከም ዝፈልጦ ከኣ፡ ምጣቕ ሃላንደን ናብ ስዑዲ ዓረብ ናይ ምኻድ ሕልሚ የብሎምን። ኣብ ዝለዓለ/ጥርዚ ብቕዓት ዘለዉ ተጻወትቲ ናብ'ታ ሃገር ክኸዱ እዮም ኢሉ ኣይኣምንን እየ። ሰባት ብዘዕባዝም ናይ'ዚ ሊግ ተጻወትቲ ኣብ ዘዘራርብሉ፡ ኣብይ ይጻወቱ ምንባሮም'ውን ዝፈልጦ የለን።" ክብል፡ ምኻድ - ሮናልዶ፡ ነይማር፡ በንዜማ፡ ካንተን ካልኦት ብሉጻት ተጻወትቲን ከምዝጸንሑ የረድእ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣከፋፋሊ ሪያል ማድሪድ ቶኒ ክሩስ፡ መብዝሕትኦም ንገንዘብ ኢሎም ይኸዱ ከምዝለዉ ኣብ ዝሃለጸሉ፡ ንሮናልዶ ግና ካብኡ ኣውጺእዎ። "ኩሉ ሰብ ዚ ውሳኔ ባዕሉ ክወስዶ ኣለዎ፣ ልክዕ ከም'ቲ ክሪስቲያኖ ኣብ መወዳእታ ናብ ስዑዲ ዓረብ ክኸይድ ዝወሰኖ። እንተኾነ፡ ኣብ ማእከላይ ዕድመ ከለኻን ኣብ ዓበይቲ ክለባት ኤውሮጳ ክትጻወተላ ዝኽእል ዓቕሚ ከሎካን ከም'ዚ ዓይነት ውሳኔ ምውሳድ ከቢድ እዩ። ዳሕራይ ከኣ ናብ'ዚ ምኻድ ዓቢ ስፖርታዊ ውሳኔ እዩ ደብዛሉ። እንተኾነ፡ እቲ ሓቂ ገንዘብ እዩ። ኣብ'ዚ እዋን ንገንዘብ ኢልካ ምውሳን ኣንጻር ኩዕሶ ምጽዋት እዩ ኮይኑ ዘሎ።" ኢሉ።

## ኣብ መወዳእታ ሰዓታት ክፍጸሙ ምዃኖም ዝተገልጹ መስርሓት

* ጀርመናዊ ኣጥቃዓይ ቨርደን ብረመር ኒክላስ ፋልክሩግ፡ ብናይ ሰለስተ ዓመታት ውዕል ናብ ቦሩሽያ ዶርትሙንድ ምስግጋሩ ምንጪታት ኣፍሊጠን።
* ጉዳም ተኸላኻሊ ጁቬንቱስ ሊዮናርዶ ቦኑቺ፡ ናብ ጀርመናዊት ክለብ ዩኒዮን በርሊን ክጽምበር ምዃኑ ተቓሊሑ። ክሳብ ሰነ 2024 ዘጸንሖ ውዕል ክፍርም ምዃኑ ዝገለጸ ቦኑቺ እንተተሰማሚዑ ንተወሳኺ ሓደ ዓመት ክጸንሕ ምርጫ ኣለዎ።
* ብውልቁ ንሕቶ ባየር ሙኒክ ዝተቐበለ ኣከፋፋሊ ፉልሃም ጃኦ ፋልሂንሃ፡ ናብ'ዛ ጋንታ ክጽምበር ከምዝኽእል እዩ ዝእመት።
* ናይ ክንፊ ኣጥቃዓይ ማን ሲቲ ኮል ፓልመር፡ ሓዱሽ ኣባል ቸልሲ ኮይኑ።

### መደብ ጸወታ

**ፕሪመር ሊግ**

**ሎሚ**

ሉቶን ታውን - ዌስት ሃም 10:00 ምሸት

**ሰሪ'ኣ**

ሮማ - ኤሲ ሚላን 9:45 ምሸት

**ቡንደስሊጋ**

ቦሩሽያ ዶርትሙንድ - ሄደንሃይም 9:45 ምሸት

# ዜና ወጻኢ

ሸዊት ተኽለ

## ቻይና፡ መጠንቀቕታ ህቦብላ ‘ሳኦላ’ ኣመሓላሊፋ

‘ህቡብ ሳኦላ’ - ናብ ደቡባዊ ምብራቕ ገማግም ባሕሪ ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና ገጹ ኣብ ዝምርሓሉ ዘሎ እዋን ኣብታ ሃገር ዝለዓለ መጠንቀቕታ ከምእተመሓላለፈ ተገሊጹ፡፡

በዚ ድማ ብሰንኪ’ቲ ልዕሊ 200 ኪሎሜተር ኣብ ሰዓት ዝሕምብብ ዘሎ ህቡብ፡ ብውሑዱ 121 መስመራት ባቡር ኣገልግሎት ደው ኣቢለን ከምዝለዋ ክሕበራ እንከለዋ፡ ኣብ ገማግም ባሕሪ ደቡባዊ ቻይና ዝርከቡ ህዝቢ ድማ ካብ ገማግም ባሕሪ ክርሕቓን ናብ በረኽቲ ከባቢታት ክግዕዘን ትእዛዝ ተዋሂቡዎ ከምዝሎ ተገሊጹ፡፡

እቲ ኣብ ልዕሊ ካብ ሰሜናዊ ክፋል እታ ሃገር ናብ ደቡብ ዝጉዓዝ መስመራት ባቡር ተመሓላሊፉ ዘሎ ኣገልግሎት ደው ናይ ምግባ ሰጉምቲታት ክሳብ 6 መስከረም ክቕጽል ምኳኑ’ዩ ዝገለጸ፡፡

ብመሰረት ኣገልግሎት ሜትዮሮሎጂ ቻይና ዘውጽኦ ትንበያ ኩነታት ኣየር፡ እቲ ህቡብ ካብ 1949 ንደሓር ኣብ ደቡባዊ ክፋል ቻይና ካብ ዝተራእዩ ሓሙሽተ ዝሓየሉ ህቦብላታት እቲ ዝኸፍአ ክኸውን ተኽእሎታት ኣሎ፡፡



## ደቡብ ኣፍሪቃ - ኣብ በዓል 5 ደርቢ ህንጻ ሓደጋ ባርዕ ተኸሲቱ

ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ኣብ ከተማ ጆሃንስበርግ ኣብ ዝርከብ በዓል 5 ደርቢ ህንጻ ብዘጋጠመ ሓደጋ ባርዑ ልዕሊ 70 ሰባት ከምዝሞቱ ኣገልግሎት ዜና እታ ሃገር ሓቢሩ፡፡

ኣፈኛ ኣገልግሎት ምሕደራ ህጹጽ ረድኤት ከተማ ጆሃንስበርግ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ በቲ ዝሓለፈ ሓሙስ ዘጋጠመ ባርዕ ሓያሎ ሰባት ተሃስዮም ከምዝለዉ ብምሕባር፡ ቀጽሪ ግዳያት ክውሰኽ ተሰጊኡ ከምዝሎ ኣረዲኡ፡፡



እቲ ህንጹ ገዛ ዘይብሎም ሰባት ብዘይ ዝኾነ ወግዓዊ ስምምዕ ክራይ ንመንበሪ ዝጥቀምሉ ዝነበሩ ዘይወግዓዊ ስፍራ ምንባሩ ዝሓበረ እቲ ኣፈኛ፡ እዚ ኩነታት’ዚ ንንጥፈታት ሰራሕተኛታት ህይወት ኣድሕን ኣጸጋሚ ገይርዎ ከምዝሎ ገሊጹ፡፡

ኣብቲ ህንጻ ክሳብ 200 ዝኣኽሉ ሰባት ይቕመጡ ከምዝነበሩ ናይ ዓይኒ መሰኻኽር ይሕብሩ፡፡

እቲ ባርዕ ኣብ ቀጽጽር ከምዝኣተወ ዝገለጹ ሰብመዚ እታ ከተማ፡ ጠንቂ ናይቲ ባርዕ ንምፍላጥ ደቂቕ መርመራታት ይኻየድ ምህላዉ ኣረዲኦም፡፡

## ኣብ ሶርያ፡ ኣብ መንጎ ዕጡቓት ግጭት ተኻዪዱ

ኣብ ሶርያ፡ ኣብ መንጎ ሚሊሻታት ሶርያን ብኣመራኣ ዝድገፉ ዕጡቓትን ብዘተወልዐ ሓያል ግጭት፡ ኣብ ልዕሊ ህይወት ሰባት ናይ ሞትን መቑሰልትን ሓደጋ ከምዘወረደ ተገሊጹ፡፡

በቲ ኣብ ምብራቓዊ ሶርያ ዝተወልዐ ግጭት፡ ዓሰርተታት ከምእተቐትሉን ከምዝቘሰሉን ዝጠቐሱ ናይ ቀረባ ተዓዘብቲ፡ ኣብ’ቲ ከባቢ ዝጸንሐ ጸጥታዊ ወጥሪ መሊሱ ከምዝኸረረ ኣረዲኦም፡፡

እቲ ግጭት፡ ገና ከምዘይሃድአ ዝገልጹ’ቶም ተዓዛብቲ፡ ሰባውን ጸጥታውን ክሳራታት ክዛይድ ከምዝኽእል ኣሚቶም፡፡

ኣመራኻ፡ ረብሓታታ ንምውሓስ፡ ካብ ኣብ 2011 ብጉዳማዊ ምትእትታው ኣብ ሶርያ ዝተኸስተ ቅልውላው፡ ሽበራውያን እናዕጠቐት መሊሳ ተጋድዶ ከምዝኣ’ዩ ዝግለጽ፡፡

ብጹጋታት ኑዳዲ ሃብታም ኣብ ዝኾነ ምብራቓዊ ሶርያ ሰራዊታ ኣዋፊራ ዘላ ኣመራኻ፡ ህላወኣ ንምድልዳል ተወሰኽቲ ኣሃዱታት ክትልእኽ ምጽናሓ፡ ጸብጻባት የረድኣ፡፡



## ኣብ ጋቦን ሓዲሽ ወተሃደራዊ መራሒ ተሸይሙ

ኣብ ጋቦን ዝሓለፈ ረቡዕ ዕልዋ መንግስቲ ዘካየዱ ኣዘዝቲ ሰራዊት እታ ሃገር፡ ንጀነራል ብራይስ ኦሊጉይ ንጉማ መራሒ መሰጋገሪ መንግስቲ ክኸውን ከምዝሸሙዎ ገሊጾም፡፡

እቶም ኣዘዝቲ ኣብ ዝሃብዎ መግለጺ፡ ነቲ ኣቐዲሙ ፕረዚደንት ቦንጎ ዝተዓወተሉ’ሞ መራሒ ተቓዋሚ ሰልፊ ስዑዕ ምኻኑ ዝገለጾ ወጽኢት ምርጫ እውን ከምዝሰረዝዎ ሓቢሮም፡፡

ብተወሳኺ፡ ጋቦን ናጽነታ ካብ እትረክብ ንደሓር ንልዕሊ 50 ዓመታት ኣብ መራሕነት ዝጸንሑ ኣባላት ስድራቤት ቦንጎ ናይ ስልጣን ግዜኦም ከምዝበቕዐ እቶም ሰበስልጣን ገሊጾም፡፡

እቶም ጀነራላት፡ መራሒ መሰጋገሪ መንግስቲ ንምምራጽ ኣብ ዘካየድዎ ኣኼባ፡ ብምሉእ ድምጺ ንሓለፈ ሓለዋ ቤተ-መንግስቲ ዝነበረ ጀነራል ንጉማ መሪጾሞ፡፡

በዚ ድማ፡ ብዙሓት ነበርቲ ከተማ ሊብረቫይልን ካልኦት ከተማታትን ንመራሒ እቲ መሰጋገሪ መንግስቲ ዘለዎም ድጋፍ ይገልጹ ኣለው፡፡

እንተኾነ፡ እቲ ዕልዋ መንግስቲ ካብ ሕቡራት ሃገራት፡ ሕቡረት ኣፍሪቃን ምስ ስድራ ቦንጎ ጥቡቕ ርክብ ዘለዋ ፈረንሳን ተቓውሞ ገጢምዎ ኣሎ፡፡

ቤት-ጽሕፈት ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ብወገኑ፡ ወተሃደራውያን መራሕቲ ጋቦን ሲቪላዊ ምምሕዳር ክዕቅቡ ጻውዒት ኣቕሪቡ፡፡



ኣብ ልዕሊ’ቲ ኣብታ ሃገር ንበዙሕ ዓመታት ስልጣን ዝቦሓተ ስድራቤት ቦንጎ ዝነበረ ቅረታ እናዓበየ ክመጽእ ምጽንሑ ዘረድኡ ጸብጻባት፡ እቲ ዝተፈጸመ ዕልዋ መንግስቲ ወጽኢት ናቱ ምኻኑ እዮም ዝሕብሩ፡፡

እቲ 48 ዓመት ዝዕድሚኡ መራሒ ሃገር ኮይኑ ተሸይሙ ዘሎ ጀነራል ንጉማ፡ ኣብ ትሕቲ ሳልሳይ ፕረዚደንት እታ ሃገር ዓሊ ቦንጎ ኣብ ዝነበረሉ እዋን፡ ኣብ ኤምባሲ ሞሮኮን ሴኔጋልን ከም ወተሃደራዊ ወኪል ኮይኑ ምስርሑ ይንገር፡፡

ኣብ ጋቦን፡ ማሊ፡ ኒጀርን በርኪናፋሶን ዝርከብኦን ሃገራት ምዕራብ ኣፍሪቃ ዝካየድ ዘሎ ዕልዋታት፡ ሳዕቤናት ናይ’ቲ ፈረንሳ ኣብ’ቲ ዞባ ብሓፈሻ፡ ኣብ’ተን ሃገራት ድማ ብፍላይ ክትከተሎ ዝጸንሐት መዝሚዚ ፖሊሲታት ከምዝኾነየም፡ ናይ ቀረባ ተዓዘብቲ ዝሕብሩ፡፡

ፈረንሳ ኣብ ሃገራት ምዕራብን ማእከላይን ኣፍሪቃ ከሰራቶ ዝኻእ ፖለቲካዊ ባይታ ንምምላስ፡ ዝተፈላለየ ሽርሕታት ተካይድ ከምዘላ’የም ተንተንቲ ዝገልጹ፡፡

ሓንቲ ካብ ግዝኣታት ፈረንሳ ዝነበረት ጋቦን፡ ካብተን ብጠቕላላ ኑዳዲን ዩራንዩምን ዝፍርያ ሃገራት ምዕራብ ኣፍሪቃ እያ፡፡

## ሰሜን ኮርያ ባለስቲካዊ ሚሳይላት ወንጪፋ

ሰሜን ኮርያ፡ ከም መልሰግብሪ ናይቲ ኣመሪካን ደቡብ ኮርያን ዘካየዳኦ ዘለዋ ሓባራዊ ወተሃደራዊ ልምምድ፡ ክልተ ናይ ሓጺር ርሕቀት ባለስቲካዊ ሚሳይላት ከምዝወንጨፈት ተገሊጹ፡፡

ሰሜን ኮርያ፡ ነቲ ኣመሪካ ምስ ደቡብ ኮርያ እተካይዶ ዘላ ሓባራዊ ወተሃደራዊ ልምምድ ካብ ኩናት ፈልዩ ከምዘይትርእዮ ብምግላጽን ብምሸናንን እያ፡ ብወገና ነቲ ሚሳይላት ዝወንጨፈት፡፡ እቲ ብ21 ነሓሰ ዝጀመረን ሎሚ ዓርቢ ክዛዘም ትጸበ’ት ዝነበረቱን ሓባራዊ ወተሃደራዊ ልምምድ፡ ንወራር ዝግበር ምድላዋት ምኻኑ እያ ሰሜን ኮርያ ትኸስስ፡፡

እቲ ኣብ ደቡብ ኮርያ ዝተኻየደ ልምምድ፡ ተኸታቲሉ ንውግእ ዝዕድም ምኻኑ ዝገለጸ ፕረዚደንት ሰሜን ኮርያ ኪም ዮንግ ኡን፡ ሰራዊት ሃገሩ ኣብ ልዑል ተጠንቀቕ ክጸንሕ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

መራሒ ሰሜን ኮርያ ኪም ዮንግ ኡን ብተወሳኺ፡ ሓይልታት ምክልኻል እታ ሃገር ዘመናዊን ክሳብ ኑክሌሳዊ ቦምባታት ዝኣክል ኣጽዋራትን ክፃጥቁ ምኻኖም እዩ ዘጸር፡፡

ሰሜን ኮርያ፡ ኣብዚ ዓመት’ዚ ጥራይ ክብረወሰን ዝሓዘ ብዙሕ ዘለዎ ፈተነታት ምውንጫፍ ሚሳይላት ኣጽዋር ከምዘካየደት ይሕበር፡፡

ሰሜን ኮርያ፡ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ናይ ስለያ ሳተላይት ንምውንጫፍ ዘካየደቶ ፈተነ ንኻልኣይ ግዜ ከምዝፈሸለ ኣፍሊጣ፡፡

ሰሜን ኮርያ እውን ናይ ገዛእ ርእሳ ወተሃደራዊ ልምምዳት ከተካይድ ምጽንሓ ዝጠቕሱ ጸብጻባት፡ ኣብቲ ዞባ ዝርአ ወተሃደራዊ ልምምዳት ንወጥሪ ናይቲ ዞባ መሊሱ ኪጋድዶ ከምዝኽእል ይእምቱ፡፡

